# ስርዓተ ነጥቢ ትግርኛ፡- ካበይ ናበይ[1]

*ኣባተ ካሳሁን ተፈራ* [2]

## ማራ

እዚ መፅናዕቲ፣ ኣስማት፣ ቅርፅታት፣ መበቈልን ኣጠቓቕማን ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዝርከቡ ነጥባት ይድህስስ። ብኸምዚ፣ ነባራትን ብዝተፈላለዩ ተጠቀምቲ ናብቲ ልሳን ዝኣተዉን ዝኣትዉን ምልክታት ይንፅርን ይትንትንን። ምእንተ እዘም ዕላማታት፣ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ካብ ዝተሓተሙ ውፅኢታት ፅሕፈት እቲ ልሳን፣ መረዳእታ ተወሲዱ። እቶም ፍልፍላት፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ ዘድህቡ ወይ ብመንፅር ዝተፀሓፉሉ ዘመን፣ ቦታ፣ ስነ ልሳናውን መስተራኽባውን ምኽንያታት ኣገደስቲ ዝበሃሉ እዮም። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ዝተረኣየ ግዜ ካብ ዝተሓተሙ ወይ ዝተፈነዉ ፅሑፋት ከከም ኣድላይነቱ መረዳእታ ተኣኪቡ። ኣብ ገፃት መርበብን መደባት ተለቭዥንን ዝዝውተሩ ኣብነታትን ኣጠቓቕማታትን እውን ተራእዮም። እቶም ዋና ፅሑፋት ብመንፅር ግዜ ብምስራዕ፣ ኣብ ፍረ ነገራት እቲ ባእታ ጠመተ ብምግባር ዳህሳሳዊ ትንተና ተኻይዱ። እቶም ምልክታት ኮኑ ኣጠቓቕማታት፣ ኣብ ድርሳናት ግእዝ ምስ ዘለዉ ዝመሳሰሉ ኰይኖም፣ ብስርዓተ ነጥቢ ምዕራባውያን ዝተፀለዉ እዮም። እቶም ተጠቀምቲ ዘለዉዎ ቦታ ብዘየገድስ፣ ናብ ነባር ምልክታት ግእዝ ምምላስን ከምቶም ምዕራባዊ ምልክታት ተዓፃፃፍነቶም ምውሳኽን ምዝማንን ይረአይ። ርኡይ ዝኾነ ውልቃዊ፣ ትካላውን ከባብያውን ኣፈላላያት ኣብ ዝተወሰኑ ምልክታት እውን ኣሎ። ስለዚ፣ ንዝበለፀ መስተራኽብ ኣብ መረፃ ምልክታትን ኣብ ሓላፍ ዘላፍ ኣጠቓቕማታትን መፍትሕታትን ንምንዳይን ኣንፈታት ንምንፃርን፣ ዓውደ መፅናዕትታትን ዘተታትን ምስላጥን ኣጠቓቕማ ሕድሕድ ምልክት ዝሕብሩ ሰነዳት ምድላውን ይግባእ።

**ቀንዲ ቃላት፡-** ስርዓተ ነጥቢ፣ ነጥባት፣ ፅሕፈት፣ ንፁርነት፣ ኣይሚ፣ ኣገባብ ኣፀሓሕፋ

---

[1] "ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ምጥንኻር ምሕዝነት ህዝብታት ትግራይን ኤርትራን" ብዝብል መሪሕ ቃል ኣብ ሆቴል ኣኽሱም (መቐለ) 27 ሚያዝያ 2011 ዓ.ም. ዝቐረበን ዝተመሓየሸን መፅናዕታዊ ፅሑፍ

[2] *PhD, Asst. Prof. in Applied Linguistics and Communication, Dept. of Foreign Languages & Literature, College of Social Sciences and Languages, Mekelle University; email: abatekan.1424@gmail.com*

## Tigrinya Punctuation: past to present

**Abstract**

This study assessed the names, shapes, and genesis and use of punctuation marks in Tigrinya language. It identified and analyzed the old and new marks that have entered and continue to do so for different reasons. Accordingly, data was collected from materials that have been published in different periods. The sources were considered important in light of the time and place of publication, not to mention the linguistic and communicative reasons. Other written products that were published or disseminated within the period as well as examples and uses from electronically accessible materials were also considered when seen fit. After categorizing the sources considering the publication years, a critical assessment was carried out. The marks and uses were found to be similar to those found in Ge'ez, coupled with a significant influence of western marks and practices. Irrespective of where the users are, there seemed to be a clear tendency of adopting those in Ge'ez as well as making them versatile like those in English. In addition, a clear difference was observed when using certain marks among individuals, institutions, and speech communities in different areas. Thus, for a better communication, it is advisable to prepare comprehensive punctuation guidelines and organize conferences and discussion forums that focus on the selection and inconsistent uses of marks in order to forward recommendations and directions.

**Keywords**: punctuation, marks, writing, clarity, editing, writing conventions

## መእተዊ

*ድሕረ ባይታ*

“ስርዓተ ነጥቢ” ካብቶም ኣገደስቲ ባእታታት ቋንቋ ምዃኑ ይጥቀስ። እዚ ባእታ ቋንቋ፣ ብዙሕ ኣቓለቦ ዘይግበረሉ ዓብዪ ከፋል ስነ ፅሑፍ እዩ (ኣርኣያ፣ 2015)። እዚ ባእታ ዝተጀመረሉ እዋን ብንፁር ኣዪፈለጥ ደኣ እንበር፣ ምስ ምጅማር ፅሕፈት ዝተሓሓዝ ምዃኑ ከም ዘዬጠራጥር ይግለፅ። ከም ኣገላልፃ ክለሪጅን ክዮቶን (2020)፣ እዚ ባእታ ቀስ ብቐስ ዝኣተወሉ ምኽንያት፣ ፀሓፍቲ ወይ እውን ኣንበብቲ፣ ኣገዳስነቱ ስለ ዝተገንዘቡ ይመስል።

ኣብ ነባር ፅሑፋት ግእዝ፣ ትኾል ሕንፃፅ (|) ከም መፍለዪ ቃላት ምንባሩ መረዳእታታት ይሕብሩ። ኣብ ዳሕራይ ዘመን ድማ እቲ ክሳብ ቀረባ *ዝነበረን* ብሆህት ወይ *ጋግ* ዝተተከአ ክልተ ነጥቢ (፡) ከም መፍለዪ ቃላት ኰይኑ፤ ካልኦት ነጥባት እውን ብስፍሓት ኣትዮም። ኣብ ከም “መጽሓፈ ሔኖክ” ዝበሉ ጥንታዊ ድርሰናት፣ ቃላት ንምፍላይ ክልተ ነጥቢ፣ ምሉእ ሓሳብ ንምዝዛም ኣርባዕተ ነጥቢ (።)፣ ሓረጋት ንምፍላይን ንምዝርዛርን ድርብ ሰረዝ (፤) ከምኡ እውን ዓንቀፃትን ክፋላትን ፅሑፋት ንምፍላይን ንምኽንባትን ከም ·፨· ወይ ።══። ዝበሉ ምልክታት ይርከቡ (ዲልማን፣ 2005፣ ገፅ 33)።

ብዛዕባ ምምስሳል ልሳናት ግእዝን ትግርኛን ዝተፈላለዩ ተመራመርትን ፀሓፍትን ዳርጋ ተመሳሳላይ ሓሳባት ኣለዎም። ንኣብነት፣ ኣብ ልሳናት ሴም ብዙሕ ዝሰረሐ ዲልማን (2005፣ ገፅ 1-3)፣ ማእኸል ስሕበት እቲ ጥንታዊ መንግስቲ ኣብ ኣኽሱምን ትግራይን ኣብ ዝነበረሉ ዘመናት፣ እቲ ልሳን ምስቲ ዝነበረ ዕብየት ወይ ስልጣነ ዝሳነይን ልዑልን ምንባሩን ምስ ካልኦት ልሳናት እንትነፃፀር፣ ትግርኛ ምስ ግእዝ ዘለዎ ቅርበት ምቕፃሉን ይሕበር። ኤድወርድ ኣለንዶፍ እውን፣ እቲ ዕላዊ ልሳን ኣብቲ ግእዝ ዝዝረበሉ ዝነበረ ዓዲ ምቕፃሉን ምህላዉን ምስቲ ጥንታዊ ቋንቋ ኣዝዩ ዝመሳሰልን ዝቀራረብን ምኳኑ ይሕብር (ባክስተን፣ 1970፡- 31)። ብተጋሩ ድማ እቶም ልሳናት ልዑል ምምስሳል ዘለዎም ጥራይ ዘይኮኑ፣ እቲ ሓደ ናይቲ ካልእ ኣካል ወይ ክልቲኦም ላህጃታት (ንኣ.፡- የማነ ብርሃን፣ 1991፤ ረዘነ፣ 1999) ወይ ክልተ-ሓደ (ኣባተ፣ 2009ሀ) ምዃኖም ይግለፅ። ፅጌ (፲፱፻፹፮፣ ገፅ ፲፩) ድማ እቲ ብዝተፈላለዩ ተዛረብቲ እቲ ልሳን ዝበሃል “እንቲ”፣ “እንት”፣ “እንክ”፣ “እንኪ”፣ ወዘተ. ብግእዝ “እንተ” ምዃኑ ክንደየናይ ክልቲኦም ዝዛመዱ ምዃኖም የረድኡ።

ኣብቲ ምስ ግእዝ ቅርበት ዘለዎ ዕላዊ ልሳን ትግራይ፣ ጥንታውን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ካብ ካልኦት ልሳናት ዝኣተውን ዝተፈላለዩ ነጥባት ኣለዉ። እቶም ጥንታዊ ዝበሃሉ ኣብ ነባር ፅሑፋት ትግርኛን ብዓብዪኡ ድማ ኣብቲ ንዘመናት ፅሑፋውን ዕላውን “ልሳን ኢትዮጵያ” (ዲልማን፣ 2005) ዝነበረ ግእዝን

ይርከቡ። ንኣብነት፣ ኣብ “ታሪኽ ኢትዮጵያ” ፍስሓ ጊዮርጊስ (1899) ዝርከቡ መብዛሕተኦም ምልክታት ኣብ ግእዝ ይርከቡ። ገሊኦም ምልክታት ድማ እቶም ኣብ ትግርኛ (ወይ ግእዝ) ዝነበሩ እንትርስዑን ወይ እንትግደፉን ዝኣተዉ እንትኾኑ፣ ዝተወሰኑ ግና ኣገዳስነቶም ኣብ ግምት ብምእታው ወይ ብኻልኦት ምኽንያታት ካብ ካልኦት ልሳናት ዝተወሰኹ ይኾኑ።

“ስርዓተ ነጥቢ” ንኹሎምን ነቲ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ዝውክል ሓፈሻዊ ኣምር እዩ፤ ከም ስም ድማ ንሕድሕድ ምልክት እውን ይውክል። ከም “ምልክት”፣ “ትእምርት” ወይ ድማ በብነናቶም ስም ወይ ኣስማት (ንኣ.፦ ንኡስ ሰረዝ) ምፅራሕ እውን ልሙድ እዩ። ኣካዳሚ ቋንቋታት ኢትዮጵያ (1989) ከምኡ እውን ካሳን ኢማኑኤልን (1990) ፍታሕ ሕድሕድ ምልክት እንትሕብሩ መልክዕ (ሰረዝ፣ ነጥቢ፣ ቄናን…) ይኹን በዝሒ ነጥባት ወይ ሰረዛት (ሓደ፣ ክልተ፣ ሰለስተ፣ ወዘተ.) ብዘየግድስ፣ “ዓይነት ነጥቢ” ይብሉ። ኪዳነ ወልድ (፲፱፻፺፰፣ ፺፫) ድማ እቲ “ወሰን ንባብ” ወይ “መፍለዪ ቃል” (ገፅ ፯፻፴፰) ዝብሉዎ “ነጥብ” ናይ ግእዝ፣ “ነቍጥ” ድማ ናይ ዓረብን ዕብራይስጥን ምዃኑ ብምሕባር፣ ንብዙሓት ድማ “ነቍጣት” ወይ “ነጥባት” ምባል ከም ዝከኣል ይሕብሩ። ዲልማን (2005) እውን እቲ ንፅል ቃል (ነጥቢ) ምጥቃም ትኽክል ምዃኑ ይሕበር። ሓደ ነጥቢ፣ ክልተ ነጥቢ፣ ሰለስተ ነጥቢ፣ ነፀላ ሰረዝ፣ ድርብ ሰረዝ፣ ወዘተ. እንትንብል፤ ሓደ ይኹን ሰለስተ፣ ከም ሓደ ምስያምና ንኹሎም እውን ብሓባር “ስርዓተ ነጥቢ” ምባል ከም ዝከኣል ንርዳእ።

እንበኣር፣ ምእንቲ ምጡንነት፣ “ነጥባት” ወይ “ስርዓተ ነጥቢ” እንተ ተበሃለ፣ ከከም ዓውዱ ድማ ንውልቀ ወይ ንኹሎም ምልክታት ከም ማለት እዩ። (ዋና ርእሲ እዚ ፅሑፍ፣ “…ስርዓተ ነጥቢ…” ዝብል ብመሰረት እዚ መጐት እዩ።) ዋና ረብሓ እዞም ዘይድመፁ ነጥባት፣ ኣዋድዳ ወይ ዋሕዚ ሓሳባት ኣብ ፅሒፈትን ንባብን ምግራሕ እዩ። ስርዓተ ነጥቢ ንምዕባለ ቋንቋን ንጣዕሚ ፅሑፋትን ልዑል ግደ ኣለዎም (ኣታኽልቲ፣ 1990፣ ገፅ 74)። ኣባ ዮሃንስ (፲፱፻፺፰—፲፱፻፺፱) ድማ “ሰረዘ” ማለት “መፍለዪ ነጥቢ ገበረ” ምዃኑ ብምሕባር፣ “ንንግግር ብሰረዝ ጣዕሚ ምስጢሩ ምፍላይ ይግባእ” ይብሉ። ስለዚ፣ ሰረዝ እውን ብስም ኮነ ብግብሪ “ነጥቢ” ማለት እዩ። ይኹን እንበር፣ ኣብ ምጥቃም ምልክታት ዝረኣዩ ፀገማት (ብግቡእ ዘይምጥቃም፣ ብስሩ ዘይምጥቃም፣ ብስሩዕ ዘይምጥቃም፣ ወዘተ.) ኣለዉ (ኣባተ፣ 2021፣ ገፅ 13-14)።

ከምቶም ዝተጠቐሱ ሕፅረታትን ህልው ኩነታታትን ኣብ ግምት ብምእታው፣ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ ትግርኛ ዝሕብሩ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም መዘክራት ወይ ፅሑፋት ኣለዉ። ገሊኦም ፅሑፋት ናይ ውልቀ ሰባት እንትኾኑ፣ ገሊኦም ድማ ብተሳትፎ ብዙሓት ሰብ ሞያ ዝተዳለዉ ትካላዊ ሰነዳት እዮም።

ንኣብነት፣ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተሓተሙን ክሳብ ሎሚ ኣብ ግልጋሎት ዘለዉን መዝገበ ቃላት (ንኣ.፡ - (ኣባ) ዮሃንስ (፲፱፻፵፰—፲፱፻፵፱)፣ ኣቋት (፳፻፲) ከምኡ እውን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ናብ ገፃት መርበብ ዝተፈነዉ ፅሑፋት (ንኣ.፡- ኣርኣያ፣ 2015) ካብቶም ኣገደስቲ ሰነዳት ይጥቀሱ።

መፅናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ ዶብ ሰገር ልሳናት ብብርኪ ዞባ፣ ሃገር፣ ወዘተ. ኣብ ዝሕሰብ ወይ ዝሳለጥ ምዕባይ ባህሊ፣ ቊጠባ፣ ፖለቲካ፣ ምሕዝነት፣ ሕውነት፣ ውህደት፣ ወዘተ. እወታዊ ግደ ኣለዎም። ንኣብነት፣ ባባኔን ቾኬን (2015) ከም ዝብሉዎ፣ ብኽምዚ ዝበሉ ምኽንያታት ዝፈላለዩ ልሳናት (ወይ ህዝብታት) በብዘለዉዎ ከም ህዳጣን ወይ ንኡሳን ስለ ዝሕሰቡ፣ ዕብየት ንምስላጥ ናብ ሓደ እንተ መፅኡ ይሓዩሽ። እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ብዘይ ልሳናዊ (ንኣ.፡- መግዛእታዊ) ምኽንያታት ዝተፈላለዩ ህዝብታት ንምውህሃድ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት ከም ዝሳሰዩ ይፍለጥ። ንኣብነት፣ ሓደ ዓይነት ፊደል ክጥቀሙ ምቅርራብ፣ ሓበራዊ ፅንብላት ብምድላው እቲ ሓደ ናይቲ ካልእ ልምዲ፣ ባህሊ፣ እምነት፣ ወዘተ. ክፈልጥን ምውርራስ ምስ ዝህልው ድማ ድልዱል ርክብ ኣብ ምፍጣር ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎም።

ኤርትራን ትግራይን ብሓፈሻ፣ ኣብ ወሰናት ክልቲኦም ዘለዉ ሓደ ዓይነት ልሳን ዝጥቀሙ ህዝብታት ድማ ብፍላይ፣ ቅድም ኢሉ ብመግዛእታዊ ምኽንያታት ተፈላልዮም ምንባሮም ይፍለጥ። ኤርትራ ከም ሃገር ካብ እትፍለጥ ግዜ ኣትሒዙ፣ ብተዛመድቲ ፖለቲካዊ ምኽንያታት “ኣይ ሰላም፣ ኣይ ኲናት” ኣብ ዝበሃል ኩነት ተፀኒሑ። ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ኣትሒዙ ብዕሊ ኣብ ዝተኻየደ ጀነሳይዳዊ ኲናት፣ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ትግራይ ብምእታው፣ ኣረሜናዊ ህልቂ መሳፍርት ገበናት ምፍፃሙ ይፍለጥ። በሰላ እቶም ግፍዕታት ንዘበናት ዝፀንሕ እዩ። እንተ ኾነ ግን፣ እቲ ምፍልላይ ክልቲኦም ህዝብታት “ዘይልሳናዊ” ብምኽኑን ዘራኽቡዎም ባእታታት ስለ ዝበዝሑን ናይ ምቅርራብ ስራሕቲ ምስላጥ ከም ዝከኣል ጅማሮታት ምስክር እዮም። እቶም ህዝብታት ኣብ ዘራኽቡዎም ሓበራዊ ልሳናትን ተዛመድቲ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ታሪኻውን ፀጋታትን፣ ባዕላዊ ዋኒናት ብምሕንፃፅ ንሓበራዊ ረብሓ ገግደኦም ክዋፅኡ ምግባር ይከኣል።

ምስቶም ዝተጠቐሱ ክልታዊ ተበግሶታትን ፃዕርታትን ድማ ኣገዳስነት ሕብረት፣ ውህደት፣ ምቅርራብ፣ ወዘተ. ዘራጉዱ ዓለም ለኻዊ ፅልዋታትን ባህግታትን ኣለዉ። እቲ ካሊእ ኣገዳሲ ኩነት ድማ ዕውለማ እዩ። ኣብ ክሊ እዞም ኩነታት፣ ባዕላዊ ዋኒናት ብምሕንፃፅ ብናይ ባዕሎም ቅኒት ብዝተፈላለዩ ኣስማት ከሳልጡ ዝደልዩ ኣናእሽትን ጐብለላትን፣ ፈተውትን ፀላእትን፣ የማናውያንን ፀጋማውያንን ሓይልታት፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት፣ ወዘተ. ምህላዎም ፍሉጥ እዩ። ኣንፃር (ወይ ምስ) ከምዚኦም ዝበሉ መደባት፣ ዘባዊ ጉዳይ ናብ ክልታዊ ረብሓ ንምቕያር፣ ነቲ ምርድዳእ፣ ውህደት፣ ሕብረት፣ ወይ

ዝኾነ ብኽልቲኦም ወገናት ወይ ፈተወቲ ዝድለይ ካልእ እወታዊ ሽቶ ምውናንን ብዕቱብ ንምስላጥ ብሓባር ምስራሕን ይከኣል።

ኣብ ክልቲኦም ገፃት መረብ ዘለዉ ህዝብታት፣ መበቈሎም ሓደ ዓይነት ወይ ብዙሕ ኣፈላላይ ዘይብሎም ልሳናት፣ ልምድታት፣ ቅያታት፣ ወዘተ. ኣለዎም። ክሳብ ቀረባ እዋን፣ ኣብ ትሕቲ ሓበራዊ ስም ወይ ግዝኣት፣ ንሓያሎ ዘመናት ዝነበሩን ንምቕፃል ዝደልዩን ምዃኖም ዝሕብሩ ምልክታት፣ ድልየታትን ፃዕርታትን ኣለዉ። እቲ ነባር ኮነ ሓዱሽ ምምሕዳራዊ ኩነታትን ካልኦት ፅልዋታትን ዘስዕቡዎም ስነ ልሳናዊ ኣፈላላያት ከም ዝህልዉ ፍሉጥ እዩ። ክሳብ ሕዚ ዘይምርድዳእ ዘስዕቡ ልሳናት እንተይ ኮኑ፣ ሕዚ እውን ወሰን ሰገር ላህጃታት ወይ ዓይነታት ኣዘራርባ እዮም። እቲ ኣፈላላይ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብፊደላት፣ ቃላት፣ ነጥባት፣ ወዘተ. ባእታታት (ብስምዒት ይኹን ብመርትዖ) "ናትና—ናቶም" ወይ ናይ ደቡብ—ናይ ሰሜን ወይ "ናይ ትግራይ—ናይ ኤርትራ" እናተበሃለ ዝበዝሕ እንድሕር ኰይኑ፣ ውዒሉ ሓዲሩ እቲ ጋግ ምግፍሑ ኣዪቕርን። እዚ መፅናዕቲ፣ እቲ ኣገዳሲ ባእታ ፅሕፈት ካብቶም ሓበራዊ መደባት ከም ዓብዪ ዋኒን ብምውሳድ ነባርን ህልውን ዛዕባታት ብዕምቈት ይድህስስ።

*ሓተታ ፀገም*

ምጥቃም ስርዓተ ነጥቢ ምስ ምጅማር ፅሑፋዊ ትግርኛ ወይ ኣካል ታሪኽ ፅሑፋዊ ትግርኛ ምዃኑ ኣብ መእተዊ ተሓቢሩ። ፅሑፋዊ ትግርኛ እንተ ወሓደ ካብ ሓደ ክፍለ ዘመን ዝዛይድ ዕድመ ስለ ዘለዎ፣ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝተፈላለዩ ለውጥታት ከም ዝህልዉ ግሙት እዩ። ቋንቋ፣ ምስ ግዜ ከም ዝዓብይን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከም ዝልወጥን ይፍለጥ። ፅጌ (፲፱፻፹፯፣ ገፅ ፲፩) ቋንቋ፣ ከም ቈልዓ በብንእሽተይ "ይዓቢ፥ ይጉብዝ፥ ወይም ይጉርዝ፥ ይጉልምስ፥ እና ተወላለደ፥ ይባዛሕን ይእልፍ፥ ይኣርግ ይመውት፥..." ይብሉ። እቲ ብዓብዪኡ ኣብ ቋንቋ ዝረአይ ዕብየትን ልውጥዋጠን ኣብቶም ባእታታት (ንኣ.፦ ስርዓተ ነጥቢ) እውን ከም ዝህልዉ ይፍለጥ። ንኣብነት፣ መብዛሕትኦም ምልክታት ካብ ግእዝ ከም ዝተወረሱን ፅልዋ ካልኦት ልሳናት እውን ምህላዉ ይንገር። ከምዚኦም ዝበሉ ለውጥታትን ምዕባለታትን ብዕምቈት ምድህሳስ ኣገዳስነቱ ርዱእ እዩ።

ከም ሓደ ኣብነት ፅልዋ ዝጥቀስ፣ ተጠቀምቲ እቲ ልሳን ምስ ካልኦት ልሳናት ብምልላዮም፣ ትግርኛ እንትጥቀሙ ሓደ ሓደ ምልክታት ወይ ኣጠቓቕማታት ዝማልኡ ወይ ዝእትዉ ምዃኖም እዩ። ብተወሳኺ፣ ኣብዚ ሎሚ እዋን ነቲ ልሳን ዝመሃሩን ኣብቲ ልሳን ምርምራት ዝገብሩን ብዙሓት ይሃልዉ ደኣ እንበር፣ ሕዚ እውን እንተ ኾነ መብዛሕትኡ ሰብ ብዝበለፀ ልሳን ወፃእ ዝፈልጥ ብምዃኑ ኣብ ምጥቃም ትግርኛ፣ ፅልዋታት ኣይሰኣንን። ብኻልእ ወገን፣ ደቂ ወፃእ ነቶም ልሳናት ሃገር (ብፍላይ ግእዝ) ኣብ ዝመሃሩሉን ዘምህሩሉን እዋን ዝተፈላለዩ ፅልዋታት ከም ዝህልዉ ርዱእ እዩ። እቶም "ቀዳሞት"

ስራሕቲ ትግርኛ ዝበሃሉ በቶም ዓዲ ጥልያን ዝነበሩ ደብተራ ፍስሐ ጊዮርጊስ ከምኡ እውን ደቂ ወፃእ (ዮሃንስ፣ ፲፱፻፵፫—፲፱፻፵፱) ምዃኖም ይፍለጥ። ብመሰረት እዞም ሓቅታት፣ ምስቲ ባእታ ዝዛመዱ፣ ዝነበሩን ዘለዉን ምዕባለታት ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

ምስቲ ምምሃርን ምስትምሃር እቲ ልሳን፣ ናብ ነባር ወይ መበቈላዊ ፍልጠት ናይ ምምላስ ድልየታት ወይ ተርእዮታት ኣለዉ። ከምዚ ዝበለ ተርእዮ በብቦታኡ ዝረአይ ወይ ዓለም ለኻዊ ዝንባለን ተርእዮን እዩ። በዚ ምኽንያት፣ ኣብ ትግርኛ ቃላትን ኣበሃህላታትን ግእዝ ምሕዋስ ዝውቱር እዩ፤ ከም ኣካል እቲ ተርእዮ ድማ ተገዲፎም ዝነበሩ ምልክታት ግእዝ ናብ ግልጋሎት ይኣትዉ (ወይ እትው ውፅእ ይብሉ) ኣለዉ። እዞም ተርእዮታት፣ ተጠቀምቲ እቲ ልሳን ኣብ ዘለዉዎ ቦታ (ትግራይ፣ ኤርትራ፣ ወፃእ) ዝረአይ ብምዃኑ፣ ብመንፅር ቦታን ግዜን ምርኣይ የድልይ።

ኣብ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ ዘለዉ ሓላፍ ዘላፋት ዝኸሰቱ፣ ሰኣን ምፍላጥ ወይ ንፁር ኣፈላላይ ብኣውርኡ ድማ ንተጠቀምቲ ዝሕግዙ መምርሕታት ዘይምህላዎም ከም መሰረታዊ ፀገማት ይግለፁ (ኣባተ፣ 2009ለ፤ 2021)። እቲ ቋንቋ ኣብ ኤርትራን ትግራይን እሞ ድማ ምስ ዝተፈላለየ ስርዓተ ትምህርቲ ዝወሃብን ዘገልግልን ምዃኑ እውን ከም ምኽንያት ይጥቀስ። ብተወሳኺ፣ ተጠቀምቲ ትግርኛ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዓለም ዝነብሩን ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ዝጥቀሙ ምዃኖም፣ ዝተፈላለዩ ፅልዋታት፣ ኲነታታትን ኣጠቓቕማታትን ከም ዝህልዉ ይግመት።

ኣብ ዝተፈላለዩ ልሳናት፣ ኣብ ኣጠቓቐማ ነጥባት ኣፈላላይ ኣሎ (ክለሪጅን ክዮቶን፣ 2020፣ ገፅ 1)። ኣብ ትግራይን ኤርትራን ዝርከቡ ፀሓፍትን ኣሓተምትን፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ነጥባት ምሉእ ንምሉእ ዝፈላለዩ እንተ ዘይኮኑ፣ ሓደ ዓይነት ኣገባብ ከም ዘይህልዎም ይግመት። ኵሎም ተጠቀምቲ ንሕድሕድ ምልክት ብሓደ ኣገባብ ክጥቀሙ ዘዪኽውን እዩ። ሓደ ምኽንያት፣ ይትረፍ ናብ ኵሉ ሰብ፣ ናብ እተን ዝተጠቐሳ ትካላት ዝተዘርግሐ መምርሒ ዘይምህላዉ ይጥቀስ። እንተ ዝህልዉ እውን፣ ዝፍጠር ኣፈላላይ ይንእስ እንተ ዘይኰይኑ፣ ሓደ ዓይነት ዝበሃል ኣዪህለውን። ብሓፈሻ፣ እቲ ልሳን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝዝረብን ንዝተፈላለዩ ፅልዋታት ዝተቓለዐ ብምዃኑ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ እቶም ምልክታት ዘለዉ ብድሆታት፣ ፀገማትን ዕድላትን ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ኣስማት፣ ግልጋሎትን ረብሓታትን እቶም ምልክታት ምፍታሽ፣ ኣብዚ ባእታ ዝረአይ ጋግ ምድህሳስ ኣብ ዕብየት እቲ ልሳን ኣድላዪ ዕማም ወይ ገስጋስ እዩ።

*ዕላማታት*

ስርዓተ ነጥቢ፣ ኣዝዩ ኣገዳሲ ባእታ ምዃኑ ላዕሊ ተሓቢሩ። ዕላማ እዚ መፅናዕቲ እንበኣር ብስም እዚ ባእታ ዝፍለጡ ምልክታት ካብ ነባራት ድርሳናት ኣትሒዙ ክሳብ ሎሚ እንታይ እንታይ ምዃኖም፣

ቅርፆም፣ መበቈሎምን ኣጠቓቕማኦምን ይድህስስ። ዝርዝር ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ብዝተፈላለዩ ተጠቀምቲ ናብ ትግርኛ ዝኣተዉን ዝኣትዉን ነጥባት ምንፃር፤
- ኣጠቓቕማን ረብሓታትን ነጥባት ምግላፅ፤
- ኣብ ኣጠቓቕማ እቶም ነጥባት ዝረኣዩ ብድሆታትን ፀገማትን ምድህሳስ።

*ሜላ ኣፀናንዓ*

ዋና ፍልፍል መረዳእታ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተሓተሙ ድራሳናት (ንኣ.፦ መዝገበ ቃላት፣ መምህሪ መፃሕፍቲ፣ ጋዜጣታት፣ ወዘተ.) ትግርኛ እንትኾኑ፣ ብፍላይ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ ዝሕብሩ እዮም። ብዘዕባ እዚ ባእታ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ኣብ ገፃት መርበብ ዝተፈነዉ ወይ ኣብ ካልኦት ማዕከናት (ንኣ.፦ መደባት ተለቭዥን) ዝርከቡ እውን ፍልፍል መረዳእታ እዮም። እቶም ዋና ፅሑፋት ብመንፅር ግዜ ብምስራዕ፣ ኣብ መንቲ ፍረ ነገራት እቲ ባእታ ጠመተ ብምግባር ዳህሳሳዊ ትንተና ተኻይዱ።

*ደረት መፅናዕቲ*

እዚ መፅናዕቲ፣ ብፍላይ እቲ ልሳን ፅሑፋዊ ካብ ዝኸውን ግዜ ኣትሒዙ ብዛዕባ ዘለዉ ምልክታት፣ ኣመፃፅኣኦም፣ ከምኡ እውን ብመንፅር ግዜ፣ ቦታ፣ ተጠቀምቲ፣ ወዘተ. ዝረኣዩ ለውጥታት ብዕምቈት ይድህስስ። ብዘይካ እቶም ዝተረኣዩ ፍልፍላት መረዳእታ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተረኣየ ግዜ ዝተሓተሙ ወይ ዝተፈነዉ ከም ዝህልው ፍሉጥ እዩ። እዚ መፃናዕቲ ግን፣ ኣብቶም ዝተረኣዩ ጥራይ ትኹረት ይገብር። ግእዝ ኣብ ዝዝረበሉ ትግርኛ ብምቕፃሉን መብዛሕትኦም ስራሕቲ ብተጠቀምቲ እቲ ዳሕረዋይ ልሳን ዝተፀሓፉ ምዃኖም ይፍለጥ። በዚ ምኽንያት፣ ኣጠቓቕማ ነጥባት ግእዝ ዘይምህላዉ፣ እዚ መፅናዕቲ ብዝተወሰነ ዘይምሉእ ከም ዝኸውን ምግማት ይከኣል። ስለዚ፣ ብዛዕባ ነጥባት ግእዝ ሐሓሊፉ እንተ ተጠቐሰ፣ ምእንተ ምሉእነት እዚ መፅናዕቲ እዩ።

*ረብሓ መፅናዕቲ*

እዚ መፅናዕቲ፣ እቲ ባእታ ቋንቋ ብሓፈሻ፣ እቶም ምልክታት ድማ ብፍላይ፣ ካበይን ከመይን ኣብቲ ልሳን ከም ዘለዉ ዝድህስስ ብምዃኑ ታሪኻዊ ረብሓኡ ኣለዎብኽምዚ፣ ስርዓተ ነጥቢ ኣብ ታሪኽ ስነ ፅሑፍ እቲ ልሳን ዝነበሮ ወይ ዘለዎ ግደ ከም ዘርእይ ምርዳእ ይከኣል። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝነበሩ ምዕባለታት ምሕባሩ፣ ኣብ ክልቲኡ ገፅ መረብ (ትግራይን ኤርትራን) ዘለዉ ኣጠቓቕማታት ወይ ባህርታት እቲ ልሳን ብመንፅር ስርዓተ ነጥቢ እውን ምርኣይ ከም ዘድልይ የርግፅ። እዚ ድማ፣ ናብ ኣንበብቲ ዝበፅሑ ፅሑፋት ኣብ ምርዳእ ኣበርክቶ ከም ዝህልዎ ይእመን። ብተወሳኺ፣ ኣብ ወሰን ሰገር ልሳናት ትግራይን ኤርትራን፣ ብሓፈሻ ድማ ቀርኒ ኣፍሪካ ንዝግበሩ ምርምራት ከም እታወ ይኸውን።

## ትንተናን ዝተያን ወፅኢታት

*ትንተና ወፅኢታት*

ካብ "*ታሪኽ ኢትዮጵያ*" ደብተራ ፍስሐ ጊዮርጊስ ኣትሒዙ፣ ኣጠቓቕማ ነጥብታት ዝሕብሩን ከም መበገሲ ወይ መርኣያ ዝኾኑን ዝተፈላለዩ ሰነዳት ወይ ፅሑፋት ትግርኛ ኣለዉ። እቲ ነባር መፅሓፍ፣ ቅዱምን ዘለዉን ምልክታት ዝርከቦ ብምኳኑ ክዕቀብን ክፅንዓዕን ዝግበኦ ታሪኻዊ ሰነድ እዩ (ኣባተ፣ 2016፣ ገፅ 44)። ኣብቲ መፅሓፍ ከም ክልተ ነጥቢ፣ ኣርባዕተ ነጥቢ፣ ነፀላ ሰረዝ፣ ድርብ ሰረዝን ሓፁርን ዝበሉ ምልክታት መብዛሕትኡ ግዜ ብትኽክልን ብስርዓትን ይርከቡ። ኣብዚ ዝስዕብ ምሉእ ሓሳብ፣ ግልጋሎት እቶም ሰለስተ ምልክታት ግልፅን ሎሚ እውን (ብዘይካ እቲ ብጋግ ወይ ህዋር ዝተተከአ ክልተ ነጥቢ) ኣሎ፡-

*እንካብኡ፡፯ተ፡ከነዓናያውን፡ኣሕዛብ፡ተወልዱ፤ እቱ፡ዝሰፈሮ፡ባይታ፡ብስሙ፡ተጸውዔ። (ገፅ ፮)*

ሰደቓ 1. ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ (1899 ዓ.ም.ፈ.) ምልክታት

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ፡ | ፣ | ፤ | ። | ·፡፨፡· | ፨ | ·፡· | ( ) | (( )) |

ኣብቲ መፅሓፍ፣ ኣብዚ ሎሚ እዋን ብስፍሓት ኣብ ግልጋሎት ዘይረኣዩ ካብ 5-9 ነጥባት ዝተፈላለዩ ምልክታት ብበዝሒ ይርከቡ። እዞም ምልክታት (ኣርባዕተ ነጥቢ እውን ሓዊሱ) ክፋላት ንምዝዛምን ንምምልኻዕን ብዝተፈላለየ ኣገባብ (ብምዝናቕ፣ ብምድግጋም፣ ወዘተ.) የገልግሉ። እቲ ምዝናቕ ኮነ ምድጋም ምልክታት፣ ሓደ ሓሳብ ምስ ተወደአ ካብ ዘሎ በታ ጀሚሩ፣ ክሳብ ምሉእ መሰመር ዝመልእ እዩ። ንኣብነት፣ እዞም ዝስዕቡ ኣብ ዝተፈላለዩ ገፃት ይርከቡ፡-

1. ·፨· . . . . . . (ገፅ 15፤ 25፤ 151) 2. ·፨· ·፨· ·፨· (ገፅ 29፤ 165) 3. ። ። ። (ገፅ 167)

ኣብቲ ኣብ ጥልያን ብኢድ ዝተፀሓፈ ነባር መፅሓፍ፣ ብዘይካ ክባዊ ሓፁርን ( ) ድርብ ሓፁር ዝመስል ድርብ ጥቕስን (( )) እቶም ምልክታት ብስፍሓት ኣብ ድርሰናት ግእዝ ዘለዉ እዮም። እዚ ዳሕረዋይ ምልክት ብቕርፂ ጥራይ ዘይኮነ (ባዕሉ ኮነ እቲ ኣብ ሓደ ሓደ መፃሕፍቲ ዝርከብ << >> (ኣብ ፈረንሳይ ዝዝውተር)፣ እቲ ግልጋሎቱ እውን ምስ ምልክት ጥቕሲ ይመሳሰል (ኣባተ፣ 2018)። ከም መርትዖ ድማ ኣብዘም ቀፂሎም ዘለዉ ኣብነታት፣ ኣብታ ቀዳመይቲ "ብዕብራይስጢ..."(ገፅ 11)፣ ኣብታ ካልኣይቲ ድማ (ገፅ 22) "ኪሎው ዝትርኮን ዝኣምኖን..." ምባሉን፣ ከምዚ ስም ብምጥቃስ ወይ (እገለ) ከም ዝበሎ "..." ብምባል ፍልፍል ዝሕበር ምምስሳሉን ይቕርብ።

1. *...ይመስል። ((እታ፡ብዕብራይስጢ፡ሻብእ፡ወይ፡ሻባዕ፡ተባሂላ፡ እተጻሕፈት፡ሣባእ፡ንሳ፡ትመስል። [...] ዓዜብ፡ ማለት፡ እንከ፡ ኣብ፡ መንጎ፡ ምሥራቅን፡ ደቡብን፡ ዘሎ፡ መካን፡ የርኢ።))*

2. *...ኣንገሡዎ። ((ኪሎው፡ዚትርኮን፡ዚኣምኖን፡ታሪክ፡እዚ፡እዩ። [...] እቱ፡ሰብኣይ፡እንከ፡ወይ፡ነቶም፡ሰብ፡ሃገር፡ናባኡ፡ኣሸሪው፡ቀቲሉዎም፡ኣሎ፤ወይንከኣ፡ኣብ፡እንዳኡ፡እንከሎ፡ብለይቲ፡ናብ፡እንዳኡ፡ሐዊ፡መሊሱ፡ኣኣሕሪሩዎ፡ኣሎ፤ ወይን፡ከኣ፡ከምዙይ፡ብዝመስል፡ብካልእ፡ተጋብር፡ቀቲሉዎ፡ኣሎ ·፨·))*

ዝኾነ ኹይኑ ብኢድ ዝተፀሓፈን ኣርትዖት ዘይተገበረሉ ስለ ዝመስልን ኣብ ኣጠቓቕማ እቶም ምልክታት ሓላፍ ዘላፍ ይረአይ። ብተወሳኺ፣ ምስ ህልው ኣጠቓቕማ እንትነፃፀር፣ መብዛሕትኦም ምልክታት ኣብ ግእዝ ዘለዉ ብምኻኖም፣ ስርዓተ ነጥቢ ትግርኛ መሰረቱ ግእዝ ወይ ድርሳናት ግእዝ ምኳኑ የረድእ። እዚ ድማ ንብዙሕ ግዜ፣ ዳርጋ ብሕታዊ ፅሑፋዊ ልሳን ብምንባሩ ዝገርም ኣይኮነን። ብኻልኦት ልሳናት ዝተፀሓፉ ድርሳናት ኣብ ዝበዝሑሉ ዘመን ድማ ከከም ዘመኑ ፅልዋታት ቀስ ብቐስ ምእታዎም (ወይ እንተ ኣተዉ) ኣዪገርምን።

“ታሪኽ ኢትዮጵያ” 60 ዓመት ምስ ገበረ ዝተሓተመ “መዝገበ-ቃላት...” ዮሃንስ (፲፱፻፵፰—፲፱፻፵፱) ድማ ካብ ካልኦት ልሳናት ዝኣተዉ ምልክታት ሓዊሱ ዝነበረ ኣጠቓቕማ ይሕብር። ኣባ ዮሃንስ፣ ኣብቲ ልሳን ዝነበሩ ሕፀረታት (ባዕሎም ከም ዝብሉዎ “ቋንቋና ዝሕመየሉ”) ንምፍታሕ፣ “እንተ ተለቃሕና እውን የመስግናን፤ ዘይነበረ ምባል ኣይጠቕመናን ’ ዩ” ብምባል ኣርባዕተ ምልክታት (ምጉራድ ፣ ጠየቕታ ?፣ ምድናቕ !፣ ትረት ወይ ምጥባቕ ̈) ኣተኣታትዮም። እቲ ዳሕረዋይ ምልክትን ( ̈) ድርብ ቄናን ሕንፃፅ (//) ዝጥቀሱ ኣብ ውሱን ዓውድታት ወይ ሰነዳት (ንኣ.፡- መዝገበ ቃላት፣ መምሀሪ መፃሕፍቲ ልሳን ወይ ስነ ልሳን፣ ወዘተ. ) እዮም።

*ሰደቓ 2. ኣብ “መዝገበ-ቃላት...” ዮሃንስ (፲፱፻፵፰—፲፱፻፵፱) ዝርከቡ ምልክታት*

| | | | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| . | ፥ | - | — | ? | ! | | ( ) | / / | ። | ፤ | “ | „ | : — | . . . |

ኣብቲ መዝገበ ቃላት ከም ሓደ እንትረኣዩ “ምልክት ኣስተኣምሮ” ዝመስሉ ክልተ ነጥብን (:) ነዊሕ ሰረዝን (—) ጥቓ ንጥቓ ኣለዉ (ንኣ.፡- ... በኹሪ ስራሕ፡ —፤ ... ንምሳሌ፡ —)። ኣብዛ ሕዚ ዝተሓበረት ኣብነት ዘሎ ቀዳማይ ምልክትን (፡-) እቲ ካብ መዝገበ ቃላት ዝተጠቐሰን (፡ —) ዘለዎም ኣፈላላይ ምርኣይ የድልይ። እቲ ዳሕረዋይ ሰረዝ ምንውሑ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ መንጎኦም ጋግ ምህላዉ ፍልይ የብሎ። ብዝኾነ፣ እዚ ምልክት ኣብቲ መዝገበ ቃላት ዝውቱር ይኹን ደኣ እንበር፣ ኣብቶም ቀፀልቲ ስራሕቲ ኣዪረአይን። ኣብ ክንዲ እዚ ምልክት (፡ —)፣ ኣስተኣምሮ (፡-) ዝተተከአትን ዝተለመደትን ትመስል።

ዮሃንስ (፲፱፻፵፰—፲፱፻፵፱) ኣብ ክንዲ እቲ ነባር ምልክት ሕቶ (፧)፣ እቲ ውሩስ (?) ምጥቃሞም ወይ ምትእትታዎም ድማ ኣብቲ ዝነበሩሉ ግዜ ኣብቲ ልሳን ዘይምንባሩ (ኣብ ግልጋሎት) የረድእ። ቀደሙ እውን "...ናይ ፡ ጠየቕታን ፡ ናይ ፡ ምድናቕን ፡ ምልክታታት ፡ ከዓ ፡ የቢልናንሞ (? !) ክሳብ ፡ ሓዲኡ ፡ ዝፈጥሮ፦..." ብዝብል መጐት እዮም ጀሚሮም። እንተ ኾነ፣ ኣታኽልቲ (1990) ሰለስተ ነጥቢ ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ኣብ ግልጋሎት ምህላዉ (ምንባሩ) ይሕብር። ካሕሳይ (2016) ድማ ነቲ ምልክት (?)፣ ዘመናዊ ምልክት ግእዝ ይብሎ፤ ምስ ካልኦት 14 ድማ ኣካል ምልክታት እቲ ልሳን ትግራይ ክኸውን ይላበው።

መዝገበ ቃላት ኣቋኢ (1989) እውን (እቶም ሰለስተ ከም ዘለዉ ኰይኖም)፣ እቲ ዳሕረዋይ ምልክት (ኣባ ዮሃንስ ዝጀመሩዎ) "ንምትራር ወይ ምጥባቕ ከም ዝጠቅምን ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዓቢዪ እጃም ከም ዘለዎ ይሕበር" (ገፅ VIII)። ክልቲኦም መዝገበ ቃላት፣ ብፍላይ ኣብ ኣጠቓቕማ እዞም ዝተጠቐሱ ምልክታት ሓደ እዮም። ኣብቲ መዝገበ ቃላት ከም ጋድም ሕንፃፅ፣ ነፀላ ሰረዝ፣ ድርብ ሰረዝ፣ ሓደ ነጥቢ፣ ወዘተ. ዝበሉ ምልክታት እውን ኣለዉ። ኣብዞም ዝሓለፉ 20-30 ዓመታት ኣብ ኣስማትን ረብሓታትን እቶም ምልክታት ብዙሕ ዝተፀሓፈ ኣሎ። (ቀፂሎም፣ ሰለስተ ኣለዉ።)

*ሰደቓ 3. ኣብ ጽጌ (1987) ዝርከቡ ምልክታት*

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ፥ | ፤ | ። | ! | — | - | ( ) | ? | ፦ | " | / | ) |

*ፅጌ (፲፱፻፹፪) ኣብ መቅድም (ገፅ ፮) ከም ዝስዕብ ይብሉ፦*

> *እቱ ቀደም ዝነበረ ኵሉ፥ ቅድምና ኣለዎ። ነቶም ቀደም ዝነበሩ ሰባትውን፥ መዘከርታኣቶምን መመዘኒኣቶምን ኢዩ። እዙ ሄዚ ዘሎ ትውልደ—ሰብ ከዓ፥ ኣብ ዘለዎ ጊዜን ቦታን ኰይኑ፥ ናይ ሄዚን ናይ ቀደምን ኪፈልጥ፥ ግዴታኡ (መዙ) ይኸውን፤ ምባልዩ።*

ካብዛ ቅፃይን እቲ መፅሓፍ ብምልኡን፣ ሓለቓ ፅጌ ግእዝ ዝፈልጡን እቲ ፍልጠቶም ድማ ኣብ ትሕዝቶን ኣጠቓቕማ ቋንቋን እቲ መፅሓፍ ከም ዝረአይ ምርዳእ ይከኣል። ብዘይካ እቶም ዝጠቐሱዎም ጥቕስታት፣ ኣበሃህላታትን ቃላትን፣ ኣብ ድርሰናት ግእዝ ዝዝውተሩ ምልክታት እውን ምጥቃሞም ግልፂ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ክንዲ እቲ ኣብ መፃሕፍቲ ኣብያተ ትምህርቲ ዝርከብ ነፀላ ሰረዝ (፣)፣ እቲ ኣዝዩ ዝውቱር ምልክት ንኡስ ሰረዝ (፥) እዩ። እንበኣር እቲ ቀዳማይ ምልክት (፣) ኣብቲ መፅሓፎም ዘይምህላዉ ከም ምኽንያት ይጥቀስ። ምልክት ኣስተኣምሮን (፦) ድርብ ሰረዝን (፤) እውን ክልተ ነጥቢ ዝነበሮ ግልጋሎት ክሳብ ዝመስልን ኣብ ክንዲ ነፀላ ሰረዝ (፣) ድማ ንኡስ ሰረዝን (፥) መመሊሶም ይርከቡ።

ኣብ *ዕዳጋ፣* መፅሓፍ ሓለቓ ፅጌ፣ ቅድም ኢሉ ኣብ ዮሃንስ (፲፱፻፶፯—፲፱፻፵፱) ዝተፀንበረ ምልክት ኣንክሮ፣ ካብ ልሳናት ወፃኢ ካብ ዝኣተዉ ምልክታት ይጥቀስ። ክባዊ ሓፁር፣ ድርብ ጥቕሲ፣ ነዊሕ ሰረዝ፣ ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ሓፂር ሰረዝ፣ ሓደ ክልተ ዝኾኑ ምልክታት ሕቶን ኣስተኣምሮን እውን ይርከቡ። በቲ በለ በዚ እቶም ፀሓፊ፣ ግእዝ ዝፈልጡ ብምንባሮም ፅልዋ እቲ ቀዳማይ ልሳን ኣብ ኣጠቓቕማ ትግርኛ ምዕብላሉ ዝገርም ኣይኮነን። እዞም ዝስዕቡ ኣብቲ መፅሓፍ ሐሓሊፎም ዝርከቡ ኣብነታት እዮም። ብዘይካ ኣብ ራብዓይ ዘሎ ነዊሕ ሰረዝ (—)፣ እቶም ካልኦት ሕዚ እውን ኣብ ግልጋሎት ኣለዉ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ክንዲ እቲ ኣብ ሳልሳይ ዘሎ ምልክት (፡ —)፣ ምልክት ኣስተኣምሮ ወይ መቕድም (፡-) ብምህላዉ፣ እቲ ነዊሕ ቀደሙ እውን ትኽክል ዘዒመስልን ሎሚ ዘየለን እዩ። ኣብ ክንዲ እቲ ሓፂር እውን እንተ ኾነ፣ ኣብ መንጎ ባእታታት ጋግ (ንኣ.፦ ልማደ ተፈጥሮ) ናይ ምጥቃም ተርእዮ ይዘይድ።

| | |
|---|---|
| 1. ንምንታይ? (ገፅ ፲፯) | 5. ልማደ-ተፈጥሮ (ገፅ ፷፭) |
| 2. ሆ! (ገፅ ፳፫) | 6. ፩/ ምእንቲ ምልዖ ግጥሚ (ገፅ ፹፪) |
| 3. ንሳቶም ከዓ፡ — (ገፅ ፷፭) | 7. (ሀ) (ገፅ ፵፱) |
| 4. ልብሰ—ተክህኖ (ገፅ ፰) | 8. ፪) ምእንቲ መቑዕ (ገፅ ፹፫) |

ኣታኽልቲ (1990)፣ ስርዓተ ነጥብታት ኣናብበ ንምግናሕን ንምርዳእን ኣገደስቲ ምዃኖም ይሕብር እሞ፣ 13 ምልክታት ምስ ኣስማቶምን ኣብነታትን የቕርብ። ብስም ነፀላ ሰረዝ ክልተ ምልክታት ይሃልዉ ደኣ እንበር (ገፅ 75)፣ ግልጋሎት እታ ቀዳመይቲ (፣) ኣይተሓበረን። እታ ካልአይቲ (÷) እውን ስማን ምልክታን ትኽክል ኣይኮነን (እቲ ስም፣ "ንኡስ ሰረዝ"፣ እቲ ምልክት ድማ ፥ ክኸውን ነይሩዎ)። ብተወሳኺ፣ ድርብ ሰረዝ (፤) ብስም ጥራሕ (ገፅ 73)፣ ሓደ ሰያፍ (ንኣ፦ ዶ/ር፣ ገፅ 26)፣ ድርብ ቄናን ሕንፃፅ (ንኣ፦ ዝህብ /ዘቕርበልካ/፣ ገፅ 6፤ ምጥባቕ/መደርቀቒ/፣ ገፅ 23)፣ ኣስተኣምሮ (፡-) ድማ (ድሕሪ ንኣብነት፣ ንኡስ ርእሲ፣…) ይብዛሕ ይውሓድ ብግብሪ እናሀለዉ፣ ኣብቲ ዝርዝር ኣይተጠቕሱን።

*ሰደቓ 4. ኣብ ኣታኽልቲ (1990) ዝርከቡ ምልክታት*

| ክልተ ነጥቢ | ነፀላ ሰረዝ | | ኣርባዕተ ነጥቢ | ምልክት ሕቶ | ምልክት ኣንክሮ | ምልክት ጥቕሲ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ፡ | ፣ | ÷ | ። | ? | ! | « » |
| ነፀላ ጥቕሲ | ሓፁር | | ጭሕጋር | ሐፂር ጋድም ሕንፃፅ | ነጥብጣብ | ነቑጣ |
| ‹ › | ( ) | | ' | - | … | . |

ኣብ ናይ ቀረባ ፅሑፋት ኤርትራ ከም ዝረአይ (ንኣ.፦ ኣርኣያ፣ 2015፤ ሰሎሞን ጸሃየ፣ 2012፤ ሓዳስ ኤርትራ፣ 2016፤ ኤሪቲቪ፣ 2019)፣ ኣብ ክንዲ እቲ ኣብ ትግራይ ዝዝውተር ነፀላ ሰረዝ (፣)፣ ደውታ ንምሕባር ክልተ ነጥቢ(፡) ይረአይ። ንኣብነት፣ "ኣቲ ጉዋል መን ትበሃሊ?" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ፣ ነቲ

ምልከት ድሕሪ “ኣቲ” ወይ ድሕሪ “ኣቲ ጉዋል”፣ ብምእታው ዝተፈላለየ ፍታሕ ከም ዝሀብ ይሕብር። (እዞም ኣብነታት ዝመሳሰሉ፣ ክልቲኦም ዝተወከሱዎ ሓደ ቅዱም ስራሕ [ኣ.ማ.ሓ. (1956)] ብምዃኑ ይመስል።)

*1. ኣቲ [ጉዋ]ል፡ መን ት[ባ] ሃሊ?* *2. ኣቲ፡ [ጉዋ]ል መን ት[ባ] ሃሊ? (ኣታኽልቲ፣ 1990፣ 74)*

*ሀ.. ኣቲ ጓል፡ መን ኢኺ፧* *ለ. ኣቲ፡ ጓል መን ኢኺ፧ (ኣርኣያ፣ 2015)*

ኣብ *ሓዳስ ኤርትራን* (2016፣ ገፅ 1) ኣብ ኤሪቲቪን ዝረኣዩ ሓፀርቲ ፅሑፋት ተመሳሰልቲ ኣጠቓቕማታት ኣለዉ። ንኣብነት፡-

> ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ትምህርትን ማይን ክሰፍሕ፡ መንእሰያት ንምትብባዕ ዘድሊ ትሕተ-ቅርጺ ክዋደድ፡ ...
>
> ሓጋዝ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብግቡእ ክጥቀማሉ ምኳነን ... (ገፅ 2)
>
> ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247 (ገፅ 2)

እታ ቀዳመይቲ ኣብነት፣ ኣብቲ ጋዜጣ ንደውታን ንምዝርዛርን ክልተ ነጥቢ (፡) ከም ዘገልግል ተርእይ። ኣብ ትግራይ ድማ ንኽልቲኡ ግልጋሎት፣ ነፀላ ሰረዝ (፣) ይዝውተር። ኣብተን ዳሕረዎት ክልተ ኣብነታት ድማ፣ ኣስተኣምሮ (፡-) ኣብ ዝኾነሉ (ኣብ ትግራይ)፣ ኣብታ ጋዜጣ (*ሓዳስ ኤርትራ*) ክልተ ነጥቢ (፡) ይረአይ። ዝኾነ ኾይኑ፣ ትኹል ሰለስተ ነጥቢ (፧) ኣብ ክንዲ እቲ ልሙድ ምልክት ሕቶ (?)፣ ክልተ ነጥቢ ድማ ኣብ ክንዲ ነፀላ ሰረዝ (ደውታ ምሕባር)፣ ከምኡ እውን ክልተ ነጥቢ ኣብ ክንዲ ኣስተኣምሮ (፡-) ኣብታ ጋዜጣ ምህላዎም፣ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዘሎ እንኮ ኣፈላላይ ኣብ ምጥቃም ስርዓተ ነጥቢ ምዃኑ ግልፂ እዩ።

ኣብ ኣታኽልቲ (1990) ኣብ ክንዲ ነፀላ ሰረዝ (፣)፣ ንኡስ ሰረዝ (፥) ወይ ምልክት ምክፋል (÷) ይርከብ። እንበኣር ምልክት ምክፋል ወይ ምምቃል ዝብል ስም፣ ኣብ መንጎ እቶም ክልተ ካብ ዘይምፍላይን ብጌጋ ነቲ ዳሕራዋይ (÷) ዝጥቀሙ ብምህላዎም እዩ። እቲ ምልክት ዘዬድልይ ምዃኑ ካብዚ ምዕዛብ ይከኣል። ንኡስ ሰረዝ (፥) ኣብ ሃይማኖታዊ ሰነዳት፣ ቍፅሪ ምዕራፍ ካብ ቍፅሪ ጥቕሲ ከምኡ እውን ተመሳሰልቲ ጥቕስታት ንምሕባር (ንምፍላይ) ዘገልግል ምልክት እዩ። እንበኣር፣ ሓንሳብ ሓንሳብ [፥] ካልእ ግዜ ድማ [÷] ካብ ምጥቃም፣ እቲ ምልክት ዘይምጥቃም ከም ዝሓዬሽ ዝመኽሩ ኣለዉ። ስለዚ፣ ኣብ ዝተወሰኑ ፅሑፋት ትግራይ ከም ዝረአይ፣ ኣብ ክንዲ ነፀላ ሰረዝ (፣) ኣብ ልሳን እንግሊዝ ከም ዝርከብ “ኮለን” (“ኮለን ግእዝ” እውን ስለ ዝበሃል) ወይ ድማ ኣታኽልቲ (1990) ከም ዝሕብሮ (ኣብ መንጎ ክልቲኦም ምልክታት ዘሎ ኣፈላላይ ወይ ሓደነት ግልፂ እንድሕር ዘይኰይኑ) ዘይምሃላዉ ይምረፅ።

*ንኣብነት፡- እንስሳታት ኣብ ክልተ ይኽፈሉ÷ ዓፃማትን ዘይዓፃማትን ከዓ ይበሃሉ።*

ኣብዚ ኣብነት ዘሎ ምልክት፣ ኣብ ክንዲ ንኡስ ሰረዝ (፥) ዝኣተወን ኣብ ብዙሓት ፅሑፋት ብኸምዚ ብጌጋ ይርከብ። ኣብ ልሳን እንግሊዝ ኣብ ከምዚ ቦታ ዝኸውን ምልክት ኲለን ብምዃኑ፣ ብደቂ ወፃእ ፀሓፍቲ “ኲለን ግእዝ” ወይ ድማ “ኢትዮፒክ ኲለን” ይስየም። ብተወሳኺ፣ ብናይ ሎሚ ኣጠቓቕማ እቲ ምልክት (ዝኾነ ይኹን) ናብቲ ምሉእ ሓሳብ ክፅጋዕ ኣለዎ (…ይኽፈሉ፥)። (“ኢትዮፒክ ኲለን” ዝብል ስም ብግብሪ ምምስሳል ስለ ዘለዎም ዝበሃል ብምዃኑን እቲ ምዝናኞ ኣብ ካልኦት ምልክታት እውን ብምህላዉን፤ ካብቶም ፅምዲ እንድሕር እቲ ሓደ ተፈሊጡ፣ ብዛዕባ እቲ ካልእ ምግማት ይከኣል፤ ስግግር ፍልጠት ክህልው እውን ይሕግዝ።)

“ታሪኽ ኢትዮጵያ” ከም ኣ.ኣ. ብ1899 ብኢድ ዝተፀሓፈ እንትኸውን፣ ብዘመናዊ ኣገባብ ምስ ተሓተመ ዝተወሰኸ “መቕድም” ድማ ምስቲ ዝተሓተመሉ ዘመን (1993 ዓ.ም.) ዝሳነዩ ኣጠቓቕማታት ምዕዛብ ይከኣል። ንኣብነት፣ ከም ህዋር፣ ነፀላ ሰረዝ፣ ምልክት ሕቶ፣ ዝበሉ ምልክታት ምህላዎም ጥራሕ ዘይኮነ፣ ዓለም ለኻዊ ተቐባልነት ምስ ዘለዎ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ (ንኣ.፦ ኤፒኤ) ስኒት ኣለዎም።

*ሰደቓ5. ኣብ መቕድም “ታሪኽ ኢትዮጵያ” ዝርከቡ ኣጠቓቕማታትን ምልክታትን*

| | ስርዓተ ነጥቢ | ምልክት | ኣብነት 1 | ረብሓ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ክባዊ ሓፁር | ( ) | … የሓ ላዕላይ ዙፋን (ዓድዋ) … | ሓበሬታ ንምውሳኽ |
| | | | ዘለዉ (ንኣብነት ኣብ ገፅ ፲፫ ረኤ)። | መሐበርታ ንምጥቃስ |
| 2. | ሓደ ነጥቢ | . | ብ1899 ዓ.ም.ፈ. | ቃላት ንምሕፃር |
| 3. | ኣርባዕተ ነጥቢ | ። | … ናብ ዓዲ ጥልያን ከዱ። | ምሉእ ሓሳብ ንምዝዛም |
| 4. | ድርብ ጥቕሲ | “ ” | … ፪ይ ገፅ “ታሪኽ ኢትዮጵያ”… | ስም መፅሓፍ ንምጥቃስ |
| | | | … “ነበረያ” … እናበሉ | ዘረባ ካልእ ቃል ብቓል ንምጥቃስ |
| 5. | ነፀላ ሰረዝ | ፣ | “ነበረያ”፣ “እዩያ”፣ … | ንምዝርዛር |
| | | | እዞም መምህር እዚኦም፣ | ደውታ ንምሕባር |
| | | | ናፖሊ፣ 1993 ዓ.ም. | ባእታታት ኣድራሻን ዓመትን ንምፍላይ |
| 6. | ኣስተኣምሮ | ፦ | ኢዮም ዝፀሓፉዎ፦ ብምንታይ … | መቐፀልታ ሓሳብ ንምውሳኽ |
| 7. | ድርብ ሰረዝ | ፤ | እቱ ዝበሃል ፅሒፎም… ኣለዉ፤ ግን … | ሓፀርቲ ምሉእ ሓሳባት ንምፍላይ |
| 8. | ኵርናዓዊ ሓፁር | [ ] | … ጽሒፍካ [ናብ ዝመፅእ ወለዶ] … | ውሳኽ ሓሳብ ንምሕባር |

ኣብ መምህሪ መፃሕፍቲ ቋንቋ ትግርኛ፣ ስርዓተ ነጥብታት ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚሩ ተምሃሮ ክርእዩዎምን ቀስ ብቐስ ድማ ክመሃሩዎምን ይግበር። ንኣብነት፣ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ምስ ኣርባዕተ ነጥቢ ጥራሕ ይላለዩ። ኣብ ካልኣይ ክፍሊ፣ ቀዳማይ ገፅ፣ ቀዳማይ ንጥፈት (ክሳብ ሓምሻይ መስመር

ጥራይ)፣ ነፀላ ሰረዝ (፣) 10 ግዜ ኣሎ፤ ብድሕሪኡ ግን መብዛሕትኦም ምልክታት በቦታኦም ኣለዉ። ኣብዛ ዝተሓበረት ቀዳማይ ገፅ (ብዘይካ ነፀላ ሰረዝ)፣ ኣርባዕተ ነጥቢ፣ ምልክት ሕቶን ሓደ ነጥብን ይርከቡ። ብተወሳኺ፣ ምልክት ኮማ ወይ ጭሕጋር (,) ኣብ ገፅ 89 ኣብ ምልልስ ብጌጋ፣ ነፀላ ሰረዝ (፣) ድማ ኣብ ገፅ 47 ብጌጋ፣ ኣብ ካልእ (ንኣ.፦ ገፅ 95፣121) ድማ ኣብ ምልልስ ብትኽክል ይርከቡ።

ካብ ሳልሳይ ክፍሊ ኣትሒዙ መብዛሕትኦም ምልክታት ምህላዎም ጥራይ ዘይኮነ፣ ንጥፈታት ዝተወሰኑ ምልክታት እውን ኣለዉ። ንኣብነት፣ “ግቡእ ስርዓት ነጥቢ” ብምጥቃም ዓንቀፅ ክፅሕፉ (ገ.18)፣ ሰለስተ ዝውቱራት ምልክታት (። ፣ ?) “ብግቡእ ክጥቀሙ” (ገፅ 88፣ 147) ከምኡ እውን “ቅኑዓት ስርዓተ ነጥቢ” ክጥቀሙ (ገ. 137) ዝብሉ ንጥፈታት ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ መፅሓፍ ተመሃራይ ይርከቡ።

*ሰደቓ 6.ኣብ ሚኒስትር ትምህርቲ ፌዲሪኢ (2006፣2007) ዝተጠቐሱ ምልክታት*

| ክልተ ነጥቢ | ነፀላ ሰረዝ | ድርብ ሰረዝ | ኣርባዕተ ነጥቢ | ምልክት ሕቶ | ምልክት ኣንክሮ | ድርብ ትእምርተ ጥቕሲ | ሓደ ነጥቢ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| : | ፣ | ፤ | ። | ? | ! | “ ” | . |

ኣብ 6ይ ክፍሊ (ኤፌዲሪ-ሚት፣ 2006፣ ገፅ 163) ድማ ኣብ ሸሞንተ ምልክታት (። ፣ ፤ ? : . ! “ ”) ትኹረት ዝገበረ፣ ሓደ ገፅ ምሉእ (ገፅ 163) መዘክር ይርከብ። እቲ መዘክር፣ ስምን ግልጋሎት ሕድሕድ ምልክትን ሓደ-ክልተ ኣብነታትን ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ሸውዓተ ምልክታት ብምሃብ ሕድሕድ ነጥቢ ዘለዎ ምሉእ ሓሳብ ክዳልዉ ዝሕብር ንጥፈት ኣሎ (ገፅ 178) ። ብዘይካ እዞም ዝተጠቐሱ፣ ከም ምልክት ኣስተኣምሮ (፡-)፣ ሐፂር ሰረዝ፣ ጭሕጋር (ኮማ)፣ ሰለስተ ነጥቢ (...) ከምኡ ክበዊ ሓፁር ( ) እውን ብስፍሓት ኣብ ኩሎም መፃሕፍቲ ይርከቡ።

እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኣብነታት ዘለዎም መፃሕፍቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ኣብ ዝተዘርግሑሉ እዋን፣ ኣርኣያ (2015-2016) ድማ ኣብ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ ትኹረት ዝገበሩ ዝተፈላለዩ ሓፀርቲ ፅሑፋት ኣብ ገፃት መርበብ ምፍናዉ ይፍለጥ። ኣ.ማ.ሓ. (1956) ብምጥቃስ፣ ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ዘለዉ 18 ምልክታት ምስ ኣብነታት የቕርብ።

*ሰደቓ 7. ኣስማትን ምልክታትን ስርዓተ ነጥቢ ትግርኛ (ኣርኣያ፣ 2015)*

| | ስም | ነጥቢ | | ስም | ነጥቢ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሆህት | ዘይርኣይ | 10 | መላግቦ-ሕንጻጽ | — |
| 2 | ክፉት-መስመር | ዘይርኣይ | 11 | ጭሕጋር | ‘ |
| 3 | ሓደ-ነጥቢ | . | 12 | ቄናን-ሕንጻጽ (ዝባር) | / |
| 4 | ክልተ-ነጥቢ | ፡ | 13 | ምልክተ-ኣንክሮ | ! |
| 5 | ምልክት-ሕትቶ | ፧ | 14 | ምልክተ-ጥቕሲ | “ ” |
| 6 | ነጠብጣብ (3 ነጥቢ) | ... | 15 | ንጽል-ጥቕሲ | ‘ ’ |
| 7 | ኣርባዕተ-ነጥቢ | ። | 16 | ሓጹር | ( ) |
| 8 | ንጽል-ጭሕጋር (ሰረዝ) | ፣ | 17 | ጋራዲ-ሓጹር | [ ] |
| 9 | ድርብ-ጭሕጋር | ፤ | 18 | [ከማሁ] | [ከማሁ] |

ኣብዚ ዝርዝር፣ ገሊኦም ኣብቶም ካልኦት እናሃለዉ ዘይተገለፁ (ንኣ.፦ ቍ.1፣ 2፣ 18) ኣለዉ። ኣብ ራብዓይን ሓምሻይን ዘለዉ ድማ ብቕደም ሰዓብ ካብ ልሳናት ግእዝን እንግሊዝን ዝኣተዉ እዮም። ብተወሳኺ፣ ኵሎም ድርብ ቃላት ሓፂር ሰረዝ ስለ ዘለዎም፣ ኣብ ኣፀሓሕፋን ኣስማትን እቶም ምልክታት ንእሽተይ ኣፈላላይ ኣሎ። ንኣብነት፣ ኣብ ክንዲ ሕቶ፣ ድርብ ሰረዝ፣ ኵርናዓዊ ሓፁር፣ ወዘተ.፤ ሕትቶ፣ ድርብ-ጭሕጋር፣ ጋራዲ-ሓፁር፣ ወዘተ. ዝብሉ ኣስማት ይርከቡ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ክንዲ እቲ ልሙድ “ሰረዝ”፣ “ጭሕጋር” ዝብል ባእታ፣ ኣብ ሰለስተ ምልክታት ኣሎ። ብግልጋሎት ዓይኒ ኣብ ኣጠቓቕማ ክልተ ነጥብን (፡) ነፀላ ሰረዝን (፣) ከምኡ እውን ነፀላ (ንጽል) ሰረዝን (፣) ድርብ ሰረዝን (ጭሕጋር) (፤)፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኢሉ እውን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣፈላላይ ይረኣይ።

*ሰደቓ 8. ኣብ ታደለ (2008) ዝተጠቐሱ ምልክታት*

| ነፀላ ሰረዝ | ድርብ ሰረዝ | ኮኾብ | ኣርባዕተ ነጥቢ | ትእምርተ ጥያቄ | ቃለ ኣጋንኖ | ትእምርተ ጥቕሲ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ፣ | ፤ | * | ። | ? | ! | “ ” |
| ሓደ ሰያፍ | ቅንፍ | ድርብ ሰያፍ | ሰረዝ | ነጠብጣብ | ሓደ ነጥቢ | |
| / | ( ) | // | - | ... | . | |

ታደለ (2008) ምስ ኣቀራርባ ኣታኽልቲ (1990) ዝመሳሰል ኣብ 13 ምልክታት ትኹረት ዝገበረ ፅሑፍ ኣለዎ። ታደለ ኣብ ኣታኽልቲ (1990) ዘይርከቡ ሰለስተ ምልከታት (/ // *) ብምውሳኽ፣ “ኣብዚ ሐዚ ግዜ ኣብ ስራሕ ዝወዓሉ...” ድሕሪ ምባል ሕድሕዶም ዘለዎም ግልጋሎትን ኣብነታትን ይንፅር። ኣብ ነባር ድርሳናት ዝርከቡን (ክልተ ነጥቢ፣ ሸውዓተ ነጥቢ) ከምኡ እውን ኣብ ኣታኽልቲ (1990) ዝርከቡ ካልኦት

ሰለስተ (ነፀላ ጥቕሲ []፣ ንኡስ ሰረዝ [፥] ምልክት ምጉራድ[]) ግን ኣዪጠቐሰን። ቅድም ከም ዝተሓበረ፣ እቲ ካልኣይ ምልክት (//) ከም ድምፂ፣ ፊደል ወይ ቃል መነፀሪ ብምኳኑ፣ ኣብ ውሱናት ድርሳናት ይርከብ። ክልቲኦም ፀሓፍቲ፣ ምልክት ኣስተኣምሮ (፡-) ኣብነት ኣብ ምሃብን ድሕሪ ዝተፈላለዩ ርእስታትን መመሊሶም ተጠቒሞም እናሃለው፣ ስሙ ኮነ ግልጋሎቱ ኣዪጠቐሱን፤ ኣብ ክልቲኦም ዝርዝራት እውን ኣይኣተወን።

*ሰደቓ9. ኣስማትን ምልክታትን ስርዓተ ነጥቢ ትግርኛ(ኣቋት፣ 2010 ዓ.ም.)*

| | ስም | ነጥቢ | | ስም | ነጥቢ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሓደ ነጥቢ (ነቑጥ) | . | 12 | ትእምርተ ስላቕ | ¡ |
| 2 | ክልተ ነጥቢ | : | 13 | ምልክተ ድማመን ሕቶን | !? |
| 3 | ክልተ ነጥቢ ምስ ሰረዝ | :- | 14 | ምልክተ ቈራፅ | ' |
| 4 | ዘርዛሪ ንፀል ሰረዝ | ፣ | 15 | ንኡስ ሰረዝ | - |
| 5 | መቓሊ ንፀል ሰረዝ | ፥ | 16 | ዓብዪ ሰረዝ | — |
| 6 | ድርብ ሰረዝ | ፤ | 17 | ቅንፍ | ( ) |
| 7 | ኣርባዕተ ነጥቢ | ። | 18 | ትኽርናዕ ቅንፍ | [ ] |
| 8 | ሰለስተ ነጥቢ | … | 19 | ንፀል ትእምርተ ጥቕሲ | |
| 9 | እዝባር | / | 20 | ድርብ ትእምርተ ጥቕሲ | “ ” |
| 10 | ምልክት ሕቶ | ? | 21 | ኮኾብ | * |
| 11 | ትእምርተ ኣንክሮ | ! | | | |

ኣብ ሰደቓ 9 ዘለዉ ምልክታት ካብቶም ቅድም ዝተጠቐሱ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብዙሓት እዮም። እቲ ሓደ፣ ዝተወሰኑ ግልጋሎት ነፀላ ሰረዝ (፣) ዝወስድ ዘሎን ብስም “መቓሊ ንፅል ሰረዝ” (፥) ዝፍለጥን ብምፅንባሩ እዩ። እዚ ምልክት ኣብ ፅጌ [፲፱፻፹፯] ዝውቱር ምኳኑ ተጠቒሱ። ኣታኽልቲ (1990) እውን ብተመሳሳሊ ዝጠቐሶ እንትኸውን፣ ግልጋሎቱ ግን ካሕሳይ (2015) ከም ዝብሎ ከም “ኰለን” እዩ። ብተወሳኺ፣ ትሑት ዝውታረ ዘለዎም (ምልክት ድማመ፤ ትምእርተ ስላቕ) ብምውሳኾም እዩ። እቲ ሳልሳይ ድማ እቲ ኣብ ውሱናት ዓውድታት (ንኣ.፡- ኣርትዖት) ዝርከብ ኮኾብ (*) ከምኡ እውን ክባዊ ሓፁርን ሓደ ነጥብን ኣብ ዝኣትዉሉ፣ ኣሃዛዊ ወይ ፊደላዊ ዝርዝር ስቱኽ ዝብል ቄናን ዝባር (/) ብምህላዉ እዩ።

*ሓፈሻዊ ትንታነ*

*ስምን ኣስማትን*

ኣብ መእተዊ ኣብ ምፅራሕ እቶም ምልክታት፣ ከም “ትእምርቲ” ወይ “ምልክት” ወይ “ነጥቢ” ምህላዎም ተሓቢሩ። ብተወሳኺ፣ ዳርጋ መብዛሕትኦም ምልክታት ክልተ ሰለስተ ኣስማት ኣለዎም። ሕቶ ወይ ሕትቶ፣ ሕቶ ወይ ጥያቐ፣ ኣንክሮ ወይ ኣጋንኖ፣ ነጥቢ ወይ ነቍጥ፣ ነጥባት ወይ ነጥብታት፣ ሰረዝ ወይ ሕንፃፅ፣ ድርብ ሰረዝ ወይ ዓቢይ ሰረዝ፣ ቈናን ወይ ሰያፍ ወይ ጋድም፣ ዝባር ወይ እዝባር፣ ነፀላ ወይ ንፅል፣ ንኡስ ሰረዝ ወይ መቓሊ ንፅል ሰረዝ፣ ሓፂር ሰረዝ ወይ መላግቦ ሕንፃፅ፣ ሓፁር ወይ ቅንፍ፣ ኣስተኣምሮ ወይ መቕድም ወይ ክልተ ነጥቢ ምስ ሰረዝ፣ ጋግ ወይ ሆህት ወይ ህዋር፣ ጭሕጋር ወይ ሰረዝ፣ ጭሕጋር ወይ ጐራድ፣ ጭሕጋር ወይ ኮማ፣ ኣንሕቶ ወይ ሕቶን ድማመን፣ ነጠብጣብ ወይ ሰለስተ ነጥቢ፣ ሕቶ ወይ ትኹል ሰለስተ ነጥቢ፣ ወዘተ. ምህላዎም ተጠቀምቲ ክንደየናይ ከም ዝተረሓሓቑ ወይ ይፅገሙ ከም ዝህልዉ የርእዩ። ምስቲ በዝሒ፣ ክልተ-ሰለስተ ኣስማት ምህላዎም ከም ፀገም ይረኣይ።

ገሊኦም ኣስማት ምልክታት፣ ነዋሕቲ ምኺኖም ከም ፀገም ይጥቀስ። ንኣብነት፣ ኣብ ክንዲ “መቕድም” ወይ “ኣስተኣምሮ” ኣብ ገሊኦም ሰነዳት “ክልተ ነጥቢ ምስ ሰረዝ” ይበሃል፤ ብተወሳኺ፣ እዞም ፅምዲ ምልክታት (!?)፣ ምልክት “ደማሚ ሕቶ” ወይ “ትእምርተ ድማመ” ወይ ድማ “ምልክት ሕቶን ድማመን” ይበሃል። እዚ ምልክት፣ ኣብ ልሳን እንግሊዝ ብከይዲ ውህደት ኢንትሮባንግ (‽) ስለ ዝበሃልን (እቲ ምልክት እውን ብኸምዚ ምጡን ብምኺኑን) ናብ ልሳንና እውን ብተመሳሳላይ መንገዲ “ኣንሕቶ” (ካብ ኣንክሮኣዊ ሕቶ) ዝብል ስም፣ ምስ እቲ ምልክት ይተኣታተውን ይልመድን ኣሎ።

ብስም “ሓፁር” ዝብል ሓበራዊ ስም ዝፍለጡ ክልተ (ብዘይካ እቲ ኣብ ትምህርቲ ሒሳብ ዝዝውተር { }) ምልክታት ኣለዉ፥ እቲ ሓደ ( )፣ እቲ ካልኣይ ድማ [ ]። እንተ ኾነ፣ እቲ ሓበራዊ ስም ነቲ ቀዳማይ ኣብ ምፅራሕ ይዝውተር፤ እቲ ካልኣይ ግን “ትኾርናዕ” ወይ “ኵርናዓዊ ሓፁር” ወይ “ጋራዲ ሓፁር” ይበሃል። እዚ ዳሕረዋይ እንድሕር ተነፂሩ፣ እቲ ቀዳማይ እውን “ክባዊ ሓፁር” ክበሃል ኣለዎ። ክልተ “ሓጐስ” ብዝብል ስም ዝፍለጡ ሰባት በኣቦ፣ ብዕድመ፣ ብመልክዕ፣ ብቝመት፣ ወይ ብካልእ ምፍላይ ግድን እዩ። ነቲ ሓደ ጥራይ “ሓጐስ” ነቲ ካልኣይ ድማ “ዓብዪ”፣ “ንእሽተይ”፣ “ፀሊም”፣ ወዘተ. ምባል፣ ምጉናይ እንተ ዘይተበሃለ ከም ዘጋግይ ርዱእ እዩ።

ቋንቋ እንግሊዝ ከም ካልኣይ ወይ ወፃእ ዝተመሃሩ ወይ ዝጥቀሙ ሰባት፣ ኣብቲ ልሳን ንዘሎ ሓደ ነጥቢ፣ “ፒርየድ” ወይ “ፉልስታፕ” ወይ ክልቲኡ ብዘይ ኣፈላላይ ይብሉ። እቲ ሓደ ኣብ ኣመሪካ፣ እቲ ካልእ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ከም ዝበሃል እንተ ዘይፈለጡ ኣዪገርምን። እቲ ኣፈላላይ ዝረደኦም እንድሕር

ተነጊሩዎም፣ ወይ ድማ ብናይ ዓርሳቶም ኣገባብ ኣዳቒቖም ምስ ፈለጡ እዩ። ክሳዕ ንሱ ዝኸውን፣ ካብቲ ሓደ ናብቲ ካልእ ወይ ክልቲኦም እናበሉ ይደኽሙ። እዚ ምስቲ ስም ዝኽሰት ፀገም እንበር፣ ምስ ኣጠቓቕማ ድማ ዝገደደ ሕልኽላኽ ወይ ዘጋግዩ ነገራት ኣለዉ። ስለዚ፣ ስሩዕ ኣስማትን ኣጠቓቕማታትን ምህላዉ ኣድላዪ እዩ።

*ምብዛሕ ምልክታት፦ ሕውስዋስ ኣረኣእያታት*

ኣቋኢ (1989) ሓደ ሓደ ቃላት ሓደ ዓይነት ቃል ድምፂ ዘለዎም እናመሰሉ፣ ዝተፈላለየ ኣደማምፃ ስለ ዘለዎምን ትርጉሞም እውን ስለ ዝፈላለየን፣ ምልክት ምትራር ወይ ትረት (ንኣ.፦ 1. ለገበ 2. ለገ፟በ) ኣብቲ መዝገበ ቃላት ምጥቃሙ ይገልፅ። ብተወሳኺ፣ ትግርኛ ንዘይመለኹ ሰባት ኣብ ዘፀግሙ ቃላት (ንኣ.፦ ሃ̈ላይ፣ ገፅ 3) እውን እቲ ምልክት ምጥቃሙን ብሓፈሻ እቲ ምልክት ምትራር ኣብቲ ቋንቋ ኣገዳሲ ምኳኑን ይሕብር (ገፅ VIII)። እቶም ዳሕረዎት ካሳን ኢማኑኤልን (2000) ከም ዝብሉዎ፣ ኣብቲ ልሳን "...ናይ ተደማፂ ፊደል ምጥባቕ ናይ ቃል ትርጉም ናይ ምፍላይ ግደ..." ከም ዘለዎ ብምሕባር፣ መጥበቒ ምልክት () ምጥቃሞም ይሕብሩ (ገፅ ፳፰)። እዚ ምልክት ኣብ መንጎ ተመሳሳሊ ኣፀሓሕፋ ዘለዎም ቃላት ዝህልው፣ ፍልልይ ኣደማምፃ ከም ዝሕብር በዞም ዝስዕቡ ኣብነታት የረድኡ (ገፅ ፳፱)፦

*1. ፈለሰ፦1. በ[ቜ]ለ 2. ተሰደደ* *2. ፈለሰ፦ መንኮሰ፣ መነነ፣ ባሕተወ።*

ኣገዳስነት ትረት ወይ ሓዲኡ ምልክት ካብቶም ኣብነታት ምርዳእ ይከኣል። እንተ ኾነ ግን፣ ኣብ ከም መዝገበ ቃላትን መፃሕፍቲ ስነ ልሳንን እንበር (ኣብ ዓውደ ትምህርቲ)፣ ኣብ ዝኾነ ፅሑፍ ብምእታው ደጋዊ ቅርፂ እቲ ልሳን ምቕያር ግቡእ ዘይምኳኑ ይሕበር። እዚ ምልክት ኣብ ፅሑፍ ዘይምብዛሕ፣ ንሓፂር ሕንፃፅ እውን ዝምልከት ጉዳይ እዩ። ቅድም ከም ዝተሓበረ፣ ኣርኣያ (2015) ኣብ ኵሎም ድርብ ቃላት (ንኣ.፦ ሓደ-ነጥቢ፣ ኣርባዕተ-ነጥቢ፣ ድርብ-ጭሕጋር፣ ጋራዲ-ሓፁር፣ ወዘተ.) ሓፂር ሕንፃፅ ምጥቃም ይመርፅ። ገለኦም ድማ ኣብ ክንዲ እቲ ሓፂር ሕንፃፅ፣ ጋግ ይገድፉ። ሐሓሊፉ ድማ ዘይስሩዕ ኣጠቓቕማ ይረአይ።

ውሳኽ ረብሓታት፣ ምልክታት ግእዝ ዝነበሮም ፀገም ውሱንነት ንምእላይን ምስ ዓለም ለኻዊ ኣገባባት ኣፀሓሕፋ (ንኣ.፦ ኤፒኤ) ንምስናይን ካብ ዝግበሩ ተርእዮታት ይጥቀስ። ኣብ ምጥቃም ድርብ ጥቕሲ፣ ነፀላ ጥቕሲ፣ ክባዊ ሓፁር፣ ድርብ ቄንን ሓፂር ሕንፃፅን እውን ተመሳሰልቲ ፃዕርታት ወይ ተርእዮታት ኣለዉ። ብዘይካ እቶም ላዕሊ ዝተሓበሩ፣ ኣብ ክንዲ ቄናን ሕንፃፅ (ዝባር)፣ ሓደ ነጥቢ ድማ ኣብ ኣሕፅሮተ ቃላት ምሉእ ብምሉእ ምጥቃም ይረአይን ይድለይን። ኣርኣያ (2015) ስም ወይ መዓርግ ንምፅሓፍ፣ ኣብ ክንዲ ዝባር (/)፣ ሓደ ነጥቢ (.) ምጥቃም፣ ንንፃረ ንባብ ከም ዝሕግዝ ይላበው። ጐራዲት ( ʼ ) ኣብ

ፅሑፋዊ ቋንቋ ክግደፍ ከም ዘለዎ ብግብሪ ዘርአዩ እውን ኣለዉ (ኣርኣያ፣ 2015)። ብተወሳኺ፣ ኣብ ታሪክ ኢትዮጵያ እትርከብ ብዓል ሰለስተ ገፅ መእተዊ (ያዕቆብ፣ 1990) ግርም ኣብነት እያ።

ድርብ ቁናን ሕንፃፅ ኣብ ክንዲ “ወይ” ወይ ድርብ ክባዊ ሓፁር ናይ ምጥቃም ልማድ ኣሎ። እንተ ኾነ፣ ነዚ ግልጋሎት እቲ ዳሕረዋይ ምልክት ከም ዝምረፅን ክልተ ምልክታት ንሓደ ዓይነት ረብሓ ምጥቃም ከም ዘየድልይ ይሕበር። ካሳን ኢማኑኤልን (2000) ሓፂር ሰረዝ ብክልተ ገፅ ኣሕፅሮተ ቃል (-ቅ-) ብምግባር ወገን ቃላት (ሰዋስዋዊ ክፋል) ይሕብሩ፤ ኣብ ኣቋኢ (1989) ድማ ድርብ ዝባር (//) ንተመሳሳላይ ግልጋሎት ብስፍሓት (ገፅ IX) ይረአይ። እዚ ዳሕረዋይ ምልክትን ምልክት ትረትን (ክልተ ንጥቢ ኣብ ርእሲ ፊደል [ንኣ.፦ ለኘበ] ከም ናይ ዮሃንስ ወይ ኣቋኢ ይኹን ጭሕጋር ( ′ ) ከም ናይ ካሳን ኢማኑኤልን ወይ ኣቋት ኣብ ውሱናት መፃሕፍቲ (ንኣ.፦ መዝገበ ቃላት) ጥራይ እንበር ብሃበ ተረኽበ፣ ኣብ ዝኾነ ፅሑፍ ምጥቃም ከም ዘይድልይ ይምከር። ንኣብነት፣ ኣርኣያ (2015) ዝተወሓጠ ድምፂ ወይ ፊደል ኣብ መወዳእታ ምሉእ ሓሳብ ምጥቃም ከም ዘዲግባእ ይሕብር።

*ንፅልን ድርብን ምልክታት*

ዝተፈላለዩ ውሩሳት ንፅልን ድርብን ምልክታት (ንኣ.፦ ቁናን ወይ ሓፁር፣ ዝባር፣ ሰረዝ፣ ጥቕሲ) ምህላዎም ኣብ ምብዛሕ ኣስማትን ምልክታትን ጥራይ ዘይኮነ ዘየድልይ ደንገርገርን ኣፋላላይን ክህልዉን ምኽንያት ይኾኑ። ብሓደ ወገን፣ እቲ ነፀላ-ድርብ ዝብል ኣሰያይማ፣ ተመሳሳልነት ክህልውን ንምምዳብን ይሕግዝ። እቲ ፀገም ድማ ምድርራብ ግልጋሎትን ኣብቲ ፍልፍል ልሳን ዘለዉ ረብሓታት ንምእታው ምድላይን ዘጋጥም ምኽኑ ይጥቀስ። ንኣብነት፣ ድርብ ሓፁርን ክልቲኦም ዝባርን ኣብ ክንዲ “ወይ” ምጥቃም ይረአይ። ቅድም ከም ዝተሓበረ፣ (ካብቶም ክግደፉ ዘለዎ ኣጠቓቕማታት ወላ እንተ ኾነ) እቲ ነፀላ ዝባር (/) ከም ሓደ ነጥቢ (.) ኣብ ኣሕፅሮተ ቃላት (ንኣ፦ ዓ/ም ኣብ ክንዲ ዓ.ም.) ይረአይ።

ረብሓታት ነፀላ ሰረዝን ድርብ ሰረዝን ኣብ ክልቲኦም መዝገብ ቃላት ብንፁር ዝተበሓሩ እንትኾውን፣ ብዛዕባ እቲ ቀዳማይ ምልክት ኣብ ኣቋኢ (1989፣ ገፅ 223) ከም ዝስዕብ ምስ ኣብነት ይርከብ፦ *ነፀላ-ሰረዝ/ስ/ ተመሳሰልቲ ነገራት ክንፅሕፍ እንኰለና ንምፍላይ እንጥቀመሉ ዓይነት ነጥቢ (በቕሊ፣ ፈረስ፣ ኣድጊ፣ ገመል [...] ኢዮም)።* እዚ ካብቶም ረብሓታት እቲ ምልክት፣ እቲ ሓደ እዩ። ነዚ እዩ ካሳን ኢማኑኤልን (2000) ንፅል-ሰረዝ፣ “ተመሳሳልነት (ተኸታታልነት) ኣብ ዘለዎም ቃላትን ሓረጋትን መንጎ ዝኣቱ ዓይነት ነጥቢ” ብምባል ብኽምዚ ዝስዕብ ኣገልግሎቱ ይሕብሩ (ገፅ 236)፦ *ኣብቲ ግብዣ ስዋ ዝበለ ስዋ፣ ሜስ ዝበለ ሜስ፣ ... ክዕደል ውዒሉ።* ኣብቲ ቀዳማይ ኣብነት፣ እቶም ዳሕረዎት ክልተ እንስሳ (ኣድጊ፣ ገመል) ብክልተ መስተፃምር (-ን፣ -ን) ኣይተተሓሓዙን። ኣርኣያ (2015) ድማ ኣብ ክንዲ ብኽምዚ

ብኽልተ መስተፃምራት፣ ኣብ ግእዝ ዝርከብ "ወ-" ክንጥቀም ይመክር። ኣብ ክንዲ "...ኣድግን ገመልን..."፣"...ኣድጊ ወገመል..." ከም ማለት እዩ።) እዚ ለበዋ (ምቕባል ዘይምቕባል ንቕድሚት ኩይኑ)፣ ምእንቲ ምጡንነትን ንፁርነትን ዝቐረበ ብምዃኑ ምኽንያታዊ እዩ። እንበኣር፣ ከምቲ "ተግባር ንሓሳብ ይቕድም" ዝበሃል፣ ኣብ ማሕበራዊ ማዕከን ብበዝሒ፣ ኣብ ካልኦት ድማ ብወዝቢ፣ "ወ-" ብምጥቃም ዘተሓሕዙ ኣለዉ።

ብዛዕባ "ድርብ ሰረዝ" ኣቋኢ (1989) ሓፀርቲ ምሉኣት ሓሳባት ንምፍላይ እንጥቀመሉ ምልክት ይብል፤ ካሳን ኢማኑኤልን (2000) ድማ "ሓሳባት ንምዝርዛርን ምሉኣት ሓሳባት ንምፍላይን እንጥቀመሉ ዓይነት ነጥቢ" (ገፅ 236) ይብሉ። እንተ ኾነ፣ ሎሚ ሎሚ (እቲ ምሕፃር ኣንፃራዊ ኩይኑ)፣ ምሉእ ሓሳባት ንምፍላይ ዝበለፀ ይዝውተር። ብተወሳኺ፣ እቲ ምልከት ኣብ ምዝርዛር ዕላማታትን (ደድሕሪ ሕድሕድ ዕላማ)፣ ኣብ መንጎ ኣብ ሓፁር ዝጥቀሱ ዝተፈላለዩ ውኩሳት ስራሕትን ይረኣይ። እዞም ዳሕረዎት ረብሓታት ኣብ ልሳን እንግሊዝ ምስ ዘሎ "ሰሚ ኰለን" (;) ይመሳሰሉ። እንበኣር፣ ቃላት ኣብ ምዝርዛር ይጠቅም ስለ ዝነበረን፣ ኣብ ልሳን እንግሊዝ ንዝርክብ ምልክት ስለ ዝትክእን ከምዞም ዝስዕቡ ዝበሉ ኣጠቓቕማታት ሐሓሊፎም ይረኣዩ።

1. *"ኣብ ፀጉርኻ ዝኣተወ ቁማል ንምቕታል[;] ናይ ማንም ፍቓድ ኣየድልን።" (እቲ ቅኑዕ ምልክት፣ ነፀላ ሰረዝ እዩ።)*
2. *ገለ ሰባት ብኢዶም ይጽሕፉ፣ ገለን ከኣ ብኣጻብዕቶም ይጽሕፉ።*
3. *እዘን ቃላት፡ መበቈለን ካብ ግእዝ እየን፣ ኵለን ከኣ ብሰድስ ይውድኣ።*

እቲ ቀዳማይ ኣብነት፣ ቃል ብዓል መዚ ደቡብ ትግራይ፣ ብዝብል ኣብ ማሕበራዊ ማዕከን ዝተፈነወ እዩ (27 ሚያዝያ፣ 2011 ዓ.ም.)። (ኣብዚ ኣብነት፣ እቲ ጠመተ ኣብ ምልክት እንበር ኣብቲ ፀዋዪ ስለ ዘይኮነ፣ ስም እቲ ሰብ ምጥቃስ ዘግድስ ኣይኮነን።) እቶም ዳሕረዎት ክልተ ድማ ኣርኣያ (2015) ኣብ ናይ ባዕሉ "ብሎግ" ዝፈነዎም እዮም። እቲ ቀዳማይ ኣብቲ ልሳን ዘይርከብ ምልክት [;] ብምዃኑ ቅሉዕ ጌጋ እዩ። ኣብቶም ዳሕረዎት ድማ ፅምዲ ምሉእ ሓሳባት ብድርብ ሰረዝ ክፍለዩ እናተገበአ፣ ብነፀላ ሰረዝ ምፍላዮም ከም ክእረም ዘለዎ ኣፈላላይ ይረአይ። ኣብቲ ዝተወከሰ ስራሕ፣ ነፀላ ሰረዝ ንተመሳሳላይ ግልጋሎት መመሊሱ ዝረአይ ብምዃኑ፣ ናይ ሓደ-ክልተ ጌጋ ወይ ተርእዮ ኣይኮነን።

ካብቶም ዝተረኣዩ ፅሑፋት ምርዳእ ዝከኣል፣ ብዘይካ ውሱን ኣፈላላይ፣ ትግርኛ ፅሑፋዊ ልሳን ምዃን ካብ ዝጀመረሉ ዘመን ኣትሒዙ እቶም ልሙዳት ምልክታት (ኣብ ግእዝ ዘለዉ) ምንባሮምን ከከም ኣድላይነቱ ድማ ካብ ካልኦት ልሳናት ምእታዎምን እዩ። ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥብታት እቲ ልሳን ከም

ግእዝ ኲይኑ ብስርዓተ ነጥብታት ምዕራባውያን ዝተፀለወ ምባል ይቖልል። በቲ በለ በዚ፣ ፅሕፈት ትግርኛ (ምጥቃም እቶም ምልክታት እውን) ንዘመናት ዝነበረን ዝቐፀለን ብምዃኑ ኣብ ምድላው ገዛኢ ሰነድ ከምዘም ዝተጠቐሱ ዝበሉ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተዳለዉ ሰነዳትን ህልውን መፃእን ተርእዮታትን ኣንፈታትን ምፍታሽን ምውካስን ከም ዘድልይ የረድእ። ብኸምዚ ዝዳለው ሰነድ፣ ኣገዳስነት እቲ ባእታ ቋንቋ ዘጒልህን ዘረጋግፅን ጥራይ ዘይኮነ፣ ቅዱምን ህልውን ድርሳናት ንምርዳእ ይሕግዝ፤ ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ኣገባብ ይገንሕ።

## **መደምደምታን ለበዋታት**

*መደምደምታ*

ኣብ ድርሳናት ልሳነ ግእዝ ዝርከቡን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ካብ ልሳን እንግሊዝ ዝተወረሱን ዝተፈላለዩ ነጥብታት ኣብ ትግርኛ ከም ዘለዉ ብስፍሓት ተዘትዩ። እቶም ምልክታት መዓዝን ብኸመይን ምእታዎም ብኣብነታት ንምስፋጥን እንበር፣ እዚ ደምዳም ብዙሕ ግዜ ዝተበሃለ እዩ። ንኣብነት፣ ኣርኣያ (2015) ከም ዝብሎ እቶም መብዛሕትኦም ምልክታት በትርጉም ኮነ ብትግባረ ካብ ልሳን እንግሊዝ ዝተወሰዱ እዮም። እቶም ነባር ምልክታት ግእዝ እውን እንተ ኾነ፣ ኣብቲ ዝነበሮም ውሱን ግልጋሎት በብግዚኡ ሓደሽቲ እናተወሰኾም፣ ተዓፃፀፍቲ (ብዓል ብዙሕ ግልጋሎት) ይኾኑ ከም ዘለዉ ተሓቢሩ። ንኣብነት፣ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣብ መወዳእታ ርእሲ ከምኡ እውን መፍለዪ ባእታታት ውኩሳት ስራሕቲ ይጠቅም። እቶም ዝተወረሱ ምልክታት ድማ ምስ ኣዝዮም ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዝኣተዉ እዮም። በዚ ምኽንያት፣ ኣብ ካልኦት ዘለዉ ምዕባለታትን ግልጋሎታትን ናብቲ ልሳን ምእታዎም ዝቐፅል ተርእዮ እዩ።

ምስ ምጥቃም ምልክታት ግእዝ ኮነ እንግሊዝ፣ ዝተፈላለዩ ተርእዮታት ምህላዎም ተዘትዩ። እቲ ናብ ግእዝ ምምላስ (ኣብ ትግራይ ኮነ ኤርትራ)፣ እቲ ነባር ልሳን ዘለዎ ሃብቲ ንምምዝማዝ ካብ ምድላይን ሎሚ ሎሚ ነቲ ልሳን ብዝበለፀ ንምፍላጥን ንምፅናዕን ብዙሓት ፃዕርታት ብምህላዎም ካብቶም ምኽንያታት ይጥቀሱ። ይኹን እንበር፣ ኣብ ክንዲ ብእኹል መፅናዕቲ፣ ተላልዮን ምርድዳእን ንምጥቃም ካብ ምድላይ ምህፃፅን ምትሕውዋስን ይረአይ። ብኸምዚኦም ምኽንያታት ዝተወሰኑ ፀገማት ይረአይ። እቲ ልሳን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ዝርከብን ዓለም ለኻዊ ባህርታትን ፅልዋታትን ስለ ዘለዎን ኣብ ምጥቃም ብዙሓት ምልክታት (ንኣ:- 1. ፡ ምስ ፣ 2. ፤ ምስ ? 3. ፣ ምስ ፥ 4. ፡ ምስ ፥ ከምኡ እውን 5. ፡ ምስ :-) ውልቃዊ፣ ትካላውን ሃገራውን (ከባብያዊ) ኣፈላላያት ኣለዉ። እቲ ናብ ግእዝ ምምላስ፣ እቶም ውሩሳት ምልክታት እናሃለዉ ዝሳለጥ ብምዃኑ፣ ምብዛሕ ምልክታትን ምትሕውዋስን ብምህላዉ፣ ናይ ሓዲኡ ወይ ክልቲኡ ኣድላይነት ዘተሓትት ምዃኑ ርዱእ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ነቶም ኣፈላላያት

ንምርዳእ ኮነ ንምፅባብ፣ ባእታታት እቲ ልሳን ከም ሓበራዊ ዋኒን (እንተ ወሓደ፣ ብዝምልከቶም ሰብ ሞያ) ብምውሳድ ምስራሕ ከም ዘድልይ ምርዳእ ይከኣል።

ዝተወሰኑ ልዑል ዝውታረ ዘለዎም ነባር ምልክታት ግእዝ ወይ ትግርኛ ይሃልዉ ደኣ እንበር፣ መብዛሕትኦም ምልክታት በትርጉም ኮነ ብተግባር ካብ ልሳን እንግሊዝ ዝተወሰዱ ምዃኖም ተሓቢሩ። እቲ ዋና ምኽንያት ፅልዋ እቲ ልሳን እንትኸውን፣ ውሱንነት እቶም ነባር ምልክታትን ምስ ሓደሽቲ ምዕባለታትን ዓለም ለኻዊ ተቐባልነት ምስ ዘለዎም ኣገባባት ንምስናይ ካብ ምድላይ እውን እዩ። እቶም ነባር ምልክታት እውን ተወሰኽቲ ግልጋሎት ብምትእትታው ተዓፃፀፍቲ ወይ ብዓል ብዙሕ ረብሓ ይኾኑ ኣለዉ። እዚ ኣካይዳ ምስቲ ናብ ግእዝ ናይ ምምላስ ተርእዮ ዝቕፅል ይመስል።

*ለበዋታት*

ስርዓተ ነጥቢ፣ ኣገዳሲ ባእታ ፅሕፈት ወይ ብሓፈሻ ቋንቋ እዩ። ክለሪጅን ክዮቶን (2020) ከም ዝብሉዎ፣ እንታይነት እዚ ባእታ ግልፂ ዝኸውን "ግልጋሎትን ብምንፃርን ምልክታትን ብምዝርዛርን" እዩ እሞ፣ ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ኣጠቓቕማ ሕድሕድ ምልክት ምዝታይን ሰነዳት ምድላውን ኣገዳሲ እዩ። ንኸምዚ ዝበለ ዕማም፣ ብዛዕባ ቅዱምን ህልውን ኣጠቓቕማ እቶም ምልክታት እኹል ግንዛበ ወይ ፍልጠት የድልይ። በዚ መበገሲ፣ እዚ መፅናዕቲ ኣብቲ ዕላዊ ልሳን ትግራይ ዝርከቡ ምልክታት ኣብ መበቈሎም፣ ኣስማቶም፣ ግልጋሎቶምን ኣብ ምጥቃም ሕድሕድ ምልክት ዝረኣዩ ፀገማትን ኣፈላላያትን ብስፍሓት ዘትዩ።

ብመሰረት ዝቐረበ ትንተናን ዝተያን፣ ኣብ መንጎ እቶም ላህጃታት ወይ ዓይነታት ኣዘራርባ (ኤርትራን ትግራይን) ኣብ ምጥቃም ምልክታት ምምስሳልን ኣፈላላይን ኣሎ። ኣብ ኣጠቓቕማ ኣርባዕተ ነጥብን ክልቲኦም ምልክታት ጥቕስን ክንዲ እቲ ኣፈላላይ የለን። ኣብ ከም ሓፁር፣ ሰለስተ ነጥቢ (...)፣ ትእምርተ ኣንክሮን ዝተወሰኑ ረብሓታት ሓደ ነጥብን ድርብ ቄናንን ዝበሉ ውሩሳት ምልክታት እውን ኣብ ኤርትራን ትግራይን፣ ተመሳሰልቲ ግልጋሎት ይረአይ። እንተ ኾነ ግን ኣብ ብዙሓት ምልክታት ኣፉላላይ ስለ ዝረአይን ዝደጋገምን፣ ወሰን ሰገር ልሳናት ብሓፈሻ፣ *ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ* ድማ ብፍላይ ኣካል ክልታዊ ወይ ሓበራዊ መደባት ምግባር ይከኣል።

ነቲ ባእታ ከም ዓብዪ ዛዕባ ብምውሳድ፣ ኣብ መረፃ ከም ፅምዲ ዝረኣዩ ምልክታትን ኣብ ውፅኢታት ፅሕፈት ዝረኣዩ ሓላፍ ዘላፍ ኣጠቓቕማታትን ኣብ ፍልጠትን ምርድዳእን ዝገበረ መፍትሒ ንምንዳይ ዓውደ መፅናዕትታትን ዘተታትን ምክያድ የድልይ። ንኣብነት፣ ኣብ ኣሕፅሮተ ቃላት፣ ካብ ቄናን ሕንፃፅን (/) ሓደ ነጥብን (.)፣ ኣየንኡ ምጥቃም ይሓይሽ? ኣብ ግልጋሎት ዘይነበሩ ነባር ምልክታት (ንኣ.፦ ምልክት

ሕቶ [፡]) ምልክት ምጥቃም የዋፅእ ዶ? ብኽልቲኡ ገፅ መረብ ዘለዉ ተመራመርትን ተጠቀምትን ምእንተ ሰለጤን ምዕባለ እቲ ልሳን፣ ዝበለፀ መስተጋብር፣ መስተራኽብን ስኒትን ኣብ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ እንታይ ለበዋታት ኣለዎም? ኣንበብቲ ናይ ክልቲኦም ውፅኢታት ሕትመት ብዘይ ፀገም ከንብቡ፣ ከመይ ዝበሉ ስራሕቲ ስርፀት ምክያድ ይከኣል? ወዘተ.።

ብሓፈሻ፣ ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ሓፈሻውን ዝርዝር ሕቶታት ዘተታትን መፅናእትታትን ምክያድ የድልይ። ብኸምዚ፣ ኣብ ዕብየት እቲ ልሳን ርኡይ ለውጢ ንምምፃእ ዝሰርሑ ኣካላት፣ ቅድሚ ሕዚ ዝተዳለዉ ሰነዳትን ዘለዉ ምዕባለታትን ከም እታወት ብምውሳድ፣ ንኣጠቓቕማ ዝጥዕም እሩምን ምሉእን መምርሒ ወይ ሰነድ ከዳልዉ ይግባእ።

## ውኩሳት ስራሕቲ


ኣባተ ካሳሁን። (2009ሀ)። ግእዝ ኣብ ትግርኛ፡- ኣገባብ ኣጠቓቕማን ኣድላይነትን። ኣብ *ውፅኢት ምርምራት ቀዳማይ ሃገራዊ ሲምፖዚየም ቋንቋታት ትግራይ ፩።* ኣዲስ ኣበባ፡- ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ [ኣቋት]። 78—106።

ኣባተ ካሳሁን። (2009ለ)። ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ ኣብ ትግርኛ፡- ኣስማት፣ ግልጋሎትን ኣብነታትን። ኣቋት፣ 27 ሰነ፣ 2009 ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ ኣብ ዘተሳለጠ ዘተ ዝቐረበ። ውቕሮ፣ ትግራይ።

ኣባተ ካሳሁን። (2018)። ትእምርተ ሓፁር ኣብ “*ታሪኽ ኢትዮጵያ*” ደብተራ ፍስሓ ጊዮርጊስ። *The Voice*, The Magazine of the College of Social Science and Languages, # 16, 40—44.

ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ [ኣቋት]። (2010)።*ስያመ ቃላት ምርምርን ስርዓተ ነጥብን። 1ይ ሕታም።* ኣዲስ ኣበባ፡- ኣቋት።

ኣታኽልቲ ሓጐስ። (1990)። *ዳግመ-ልደት ቁዋንቁዋ ትግርኛ።* መቐለ፡- ሸባ ኮምፒዩተር ሲስተምስ።

የማነ ብርሃነ ወ. ገብርኤል (ሊቀ መዘምራን)። (1991 ዓ.ም.)። ቋንቋ ትግርኛ ምስ ቋንቋ ግእዝን ኣምሓርኛን ዘለዎ ርክብ። *መፅናዕታትታት ቀዳማይ ሲምፖዚየም ቋንቋ ትግርኛ*። መቐለ፡- ማባት። 97—111።

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች ኣካዳሚ። (1989)።*መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ።* ኣዲስ ኣበባ፡- ንግድ ማተሚያ ድርጅት።

ዮሃንስ ገብረ - እግዚአብሔር (ኣባ)። (፲፱፻፵፰—፲፱፻፵፱)። *መዝገበ-ቃላት ትግርኛ ኣምሓርኛ።* ኣስመራ፡- ቤት ሕትመት ኣርቲ ግራፊክ ኤሪትረያ።

ኪዳነ ወልድ ክፍሌ። (፲፱፻፵፰)። *መፅሐፈ ሰዋስው ወግስ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ*። ኣዲስ ኣበባ፡- ኣርቲስቲክ ማተሚያ ቤት።

ካሳ ገብረህይወት፣ ኢማኑኤል ጋንኪን። (2000)። *መዝገበ-ቃላት ትግርኛ።* ኣዲስ ኣበባ፡- ኤማይ ፕሪንተርስ።

ጽጌ ገብረ-ኪዳን ጎሹ (ሓለቓ)። (፲፱፻፹፪)። *ዕዳጋ።* ኣዲስ ኣበባ፡- ቦሌ ማተሚያ ቤት።

ረዘነ ኪዳነ። (1999 ዓ.ም.)። መፅናዕታዊ ፅሑፍ ቋንቋ ግእዝ። *ውፅኢት ከይዲ መበል 2ይ ዋዕላን መፅናዕትን ቋንቋታት ትግራይ*። መቐለ፡- ማባት። 70—92።

ሰሎሞን ጸሃየ። (2012)። *ማሰን መልቀስን ቀዳሞት ቀዳማይ መጽሓፍ*። ኣስመራ፡- ቤት ማሕተም ፍራንቺስካና።

ታደለ ገብረዮሓንስ። (2008)። *ግእዝ ካዕብ ሣልስ፦ ምልማድ ግዕዝ ብትግርኛ*። መቐለ፡- ዘመናዊ ሕትመት።

Abate Kassahun. (2021). Current Trends in Tigrinya Punctuation. *ITYOPIS — North African Journal of Social Sciences and Humanities.* Vol 3, 8-39.

Araya K. (2015). ስርዓተ ነጥቢ። 20 ጥሪ 2011 ዓ.ም. ካብ https://arayakt.wordpress.com/2015/08/13/ስርዓተ ነጥቢ (ዝወረደ)::

Babane, M.T., & Chauke, M.T. (2015). Cross-border language harmonization: A Case of Xitsonga (South Africa) and Shangani (Zimbabwe). *Journal Sociology Soc Anth*, 6(3): 435-440.

Buxton, D. (1970). *The Abyssinians*. Southampton: Thames and Hudson.

Claridge, C., & Kytö, M. (eds.) (2020). *Punctuation in Context – Past and Present Perspectives*. Bern: Peter Lang AG, International Academic Publishers.

Dilman, August. (2005) *Ethiopic Grammar.* 2nd Ed. Eugen፡ Wipf and Stock Publishers.

Kahssay, L. T. M. (2016). *Proposed language reform for Ethiopia. Volume I: Orተለo ግraphy*. Charleston, SC: Three Qua Publishing (*Selesitu qua*).